# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.205 | ዓርቢ 26 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ስሩዕ ክታበት፡ ድሕነት ህጻናትን ሕብረተሰብን የውሕስ



ገጽ 3
ሞት 40 ሓራምዝ ኣረት-ኪሎ ዘኸተለ ዓውደ-ውግእ



ገጽ 4
ምሕጋዝ ንሓጋዝን ተሓጋዝን



ገጽ 5
ሓሚትን ስይቲ ወድን



ገጽ 7
"ዋንጫ ናይ ምልዓል ሕልሚ ሊቨርፑል ኣብቂዑ" ካራገር




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ሕ.ሃ. ኣብ ጉዳይ ሱዳን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 25 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ቅ.ቐ፡ ንፍሉይ ልኡኽ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ ኣብ ጉዳይ ሱዳን - ረምጣን ላዕማምራ፡ ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ ደንደን ተቐቢሉ ኣዘራሪቡ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሱዳን ብምንጻር፡ ነቲ ግጭት ንምፍታሕ ተባሂሉ በብእዋኑ ዝተወስደ ተበግሶታት፡ ከምኡ'ውን ንተጻረርቲ ወገናት ናብ ናይ ሰላም መኣዲ ንምምጻእ ዝተጻወዐ መድረኻት ብምብዛሑ - ፋይዳ ከምጽእ ከምዘይተራእየ፡ እዚ ብዋና ጸሓፊ ተጀሚሩ ዘሎ ተበግሶ ግዱ ዝ ናብ ሓደ ዝጠምር ኣልያ ብምፍጣር ወጽኢታዊ ክኸውን ዘለዎ እምነት ብምግላጽ፡ ደገፍ ኤርትራ ኣረጋጊጹ።

ግጭት ሱዳን፡ ንምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታትን ውድድር ሓያላንን ርሒብ ዕድል ፈጢሩ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ነቲ ግጭት ብምፍታሕ ፈቓዶኡ ፋሕ ኢሉ ዘሎ ህዝቢ ናብ ቤቱን ዓዱን ዝምለሰሉ ባይታ ምጥጣሕ መሰረታዊ ምኳኑ ኣገንዚቡ።




ኤርትራ ኣብ 2022 ንህንጸት ሓንቲ ሱዳን ዘቐድምን ልኡላዊ መንግስቲን ትካላትን ክምስረት ዝጽውዕን ሰነድ ናብ መሰርጋገሪ ባይቶ ሱዳን ኣቕሪባ'ን ተቐባልነት ረኺቡ'ን እኳ እንተነበረ፡ ድሒሩ ዝሰዓበ ግዳማዊ ምትእትታው ዘምጽኦ ፍልልያት ግን ነታ ሃገር ናብ'ዚ ሕጂ ዘሎ ደረጃ ከምዘውደቓ - ነቲ ፍሉይ ልኡኽ ገሊጹሉ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ሱዳን ረብሓታቶም ንምስኻር ገዛዚቦን ኣጸዋርን ብምቕራብ ነቲ ግጭት ዘጋድድ ግዳማዊ ምትእትታው ነቲ ከምዘሎ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ እቲ ናብ'ታ ሃገር ዝኣቱ ዘሎ ኣጸዋርን ገዛዚቦን ብኣፍደገታት ጐረባብቲ ሃገራት ይኣቱ ብምህላው፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ደው ኣብ ምባል ክሰርሕ ጸዊዑ።

እቲ ፍሉይ ልኡኽ፡ ምውቕ ሰላምታ ኣንቶንዮ ጉተረሽ ድሕሪ ምቕራብ፡ ሕቡራት ሃገራትን ትካላቱን ኣብ ሱዳን ሰላም ንምስፋንን ኣደዳ ስደትን ምምዛብልን ኩይኑ ዘሎ ህዝቢ'ታ ሃገር ንምሕጋዝን ንዘወስዶ ዘሎ ስጉምቲታት፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብሪሁሉ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፣ ብወገን ሕቡራት ሃገራት ድማ ንላዕለዋይ ተጸዋዒት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ናህላ ቫልጂ ብምውካል፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ማዕከን ህዝቢ ሚስተር ኬይታ ኦሃሺ ተረኺቦም ነይሮም።

## ኣብ ዓዲ-ተኸላይ - ን/ዞባ ጎልጅ ዝተሃንጸት ዲጋ ተመረቓ

ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካን ክፍሉ-ሰራዊት 40ን ኣብ ዓዲ-ተኸላይ - ንኡስ ዞባ ጎልጅ ዝተሃንጸት ዲጋ፡ ብ18 ሚያዝያ ተመረቓ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣቶ ደሴ ዘርኣማሪኣል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እታ ዲጋ - መቐጸልታ ናይ'ቲ ብዕዙዝ ተሳትፎ ህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን በብከባቢኡ ዝሰላሰል ዘሎ በጽሑ ልምዓታዊ ህንጸት ከምዝኾነት ድሕሪ ምጥቃስ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ ንዝጸንሐ ጸገም ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ክተቃልል ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ኣዛዚ ክፍሉ-ሰራዊት 40 ሌተና ኮሎኔል ተስፋጽዮን ተኽለኣብ ብወገኑ፡ ኣባላት ናይ'ታ ኣሃዱ - ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ 8 ሜትሮ ቁመት ዘለዋን ልዕሊ 110 ሽሕ ሜትሮ ኩብ ማይ እትሕዝን ዲጋ ምህናጾም ድሕሪ ምሕባር፡ ብሕጂ እውን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ መደባት ኣበርክቶ ክገብሩ ዝለዎም ድልውነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ ስራሕ፡ ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ዓዲ-ሽጋኣ፡ ኣብ ምእካብ እምኒ፡ ምጽራግ ጽርግያታትን ካልእ ንጥፈታትን ኣበርክቶኦም ዕዙዝ ምንባሩ ወኪል ኢሪና ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ህንጸት ንዝተሳተፈት ብርጌድ 11 ናይ መተባብዒ ሽልማት ተዋሂቡ።

## ንኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ኣብ ፖሊስ ኤርትራ - ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ፖሊስ ትራፊክ - ሌተና ኮሎኔል መሓሪ ንጉሰ፡ ብ23 ሚያዝያ ንኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ኣስተምህሮ ሂቡ።

እቲ ኣስተምህሮ ዕላማኡ፡ ኣፍልጦ ሓደጋታት እቶም ዝጠዝሑ ኣብ ዞባ ማእከል ብምኳኖም፡ ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ምንካዮም ዓቢዩም ክሰርሑ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ዘይምሉእ፣ መንገድኻ ዘይምሓዝ፣ ርሕቀትካ ዘይምሕላው፣ ተጻጊዕካ ምሕላፍ፣ ሓደኛ ኣመራርሓ፣ ንኢጋርን እንስሳን ቀዳምነት ዘይምሃብ፣ መምርሒ ፍቓድ ዘይብልካ መኪና ምምራሕ፣ መስተ ሰቲኻ ምዝዋር፣ ኣብ ናይ ጽዕነት መኪና ብበዝሒ ሰባት ምጽዓን - እቶም ቀንዲ ምኽንያም ሌተና ኮሎኔል መሓሪ ንጉሰ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ኣዋጅ ትራፊክ ጽርግያ 154/2006 ተዘርዚሩ ዘሎ 87 ዓንቀጻትን 202 ንኡስ ዓንቀጻትን ከይጠሓሰ ብትግሃት ክሰርሑ፣ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝራኸቡሉ እዋን ትሕትናን ኣኽብሮትን ክህልዎም፣ ሕጊ ዝጠሓሱ ሰባት ድማ፡ ግቡእ መቕጻዕቲ ክወሃቦም ኣዘኻኺሩ።







እቲ ኣገር ትራፊክ፡ ሞቶረኛታትን መርመርቲ ሓደጋን ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ብዙሓ ተሽከርከርትን ተጠቀምቲ ጽርግያን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብደረጃ ሃገር ካብ ዝፍጸሙ ኣባላት ብምድራዕ - ተራኦም ኣብ ምኽባር ሕግታት ትራፊክን ምንካይ ሓደጋታትን ሳዕቤናቶምን ካብ ንምባል እዩ።

ጠንቂታት ሓደጋ ካብ ዝኾኑ ዘለዉ ጥሕሰታት ሕጊ ትራፊክ - ቀዳምነት

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ስሩዕ ክታበት፡ ድሕነት ህጻናትን ሕብረተሰብን የውሕስ

ምስ ምፍጣር ወዲ-ሰብ፡ ናብዛ እንነብረላ ዘለና ምድሪ - ሓያሎ ሕማማት ብግዕረ እየም ተቐልቂሎም። ጥንታውያን ሰባት ኑዩም ኣብ ህይወቶም በጻሁ፡ ዝበሩ ሕማማት ንምፍዋስ፡ ኣብ ከባቢኦም ብዘርከብ ኣቕጽልትን ካልእ ነገራትን እናተጠቐሙ ይፍውሱ ነበሩ። እዚ ኣገባብ ፍወሳዚ፡ ኑቲ ምስ ምዕባለ ወዲ ሰብ ክመጽእ ዝኸኣለ ሓያሎ ምህዞታት ፍወሳ ድልዱል ባይታ ኣንጺፋ እዩ። ክሳብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዓውዲ ሕክምና ዝጦፉ ተመራመርቲ፡ ሓያሎ ምርምራት እናኣካየዱ፡ ንሓያሎ ሕማማት ፈወስቲ መድሃኒታት፡ ንገለ ሕማማት ድማ መከላኸሊ ክታበት እናመሃዙ፣ ንገለኦም ክቆጻጸርዎም ንገለኦም ድማ ንምቁጽጻሮም ጌና ኣብ ሓያል ቃልሲ ተጸሚዶም ደርከቡ።

ብኸሉ ዓይነት ሕማማት እቶም ቀንዲ ተጠቃዕቲ ህጻናት እዮም። ሃገራት ዓለምና፡ ህጻናት ብቶም ኣሰንከልትን ቀተልትን ሕማማት ንኸይጉድኡ፥ ብውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ማዕከን ህጻናት (UNICEF) ንዘወሃበን እዋናዊ ሓበሬታ እናተኸታተላ፡ ዜጋታተን ካብ ነገራትን ሓያስትን ሕማማት ንምክልኻል፡ በበእዋኑ ክታበት የተኣታትዋ ኣለዋ።

ኤርትራ ኣብ'ዚ ናይ ክታበት መደብ፡ ካብ'ተን ኣብ ጎደና ዓወት ብጽቡቕ ዝምርሻ ዘለዋ ብኣበት እትጥቀስ ሃገር ኮይና ትርከብ። መርኣያ ናይ'ዚ ድማ፡ ኣብ ጸባሕ ናጽነት 10 ሚእታዊት ዝበረ ሽፈን ክታበት ህጻናት፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ናብ 97 ሚኢታዊት በጺሑ ኣሎ። በዚ፡ ሃገርና ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ወሐዩት ንሽቶታት ሚለንዩም ኣብ እዋኑ ዝበጽሓ ሃገራት ኮይና ትጥቀስ።

ሎሚ ዓመት፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብበዓመቱ ዝካየድ ወፍሪ ክታበት፡ ኩሉ ሕብረተሰብ ብንቕሓት ዝሳተፎ ብደረጃ ሃገር ሰፊሕ ክታበት ንፍዮን ሩቤላን፡ ከምኡ'ውን ምዕዳል ቫይታሚን 'ኤ' ክካየድ ጀሚሩ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ ናይ ቀረባ መሻርኽቱ፡ ኣህጉራውያን ውድባትን ዞባዊ ምምሕዳራትን ኑቲ ወጺኡ ዘሎ መደብ ንምዕዋት ምሉእ ምድላዋት ገይሩ፥ ኑቲ ወፍሪ ድሮ ጀሚርዎ ደርኩቡ።

ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ከምኡ'ውን ዕደላ ቫይታሚን 'ኤ' ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ ኣብ ክሊ ዕድመ ሽዱሽተ ክሳብ 59 ኣዋርሕ ንዝርከቡ ህጻናት ክወሃብ እዩ። እቲ ክታበት ኣብ ኩለን ዞባታት፡ ትካላት ጥዕና፡ ኣብያተ ትምህርትን ምምሕዳራትን ብዘወጽኦ ናይ ግዜ ሰሌዳ መሰረት ይካየድ ኣሎ። ስለ'ዚ በዞም ዝተጠቐሱ ኣካላት ዝወሃብ ሓበሬታ ብዝዋባእ ምክትታል የድለ።

**ሕማም ንፍዮ**

ንፍዮ ቅልጡፍ ተላባዒ ሕማም ኮይኑ ብ'ሚዝል' ዝተባህለ ቫይረስ ይመሓላለፍ። ካብ ነዊሕ እዋን ኣብ ደቂ-ሰብ ከም ጽመትን ዑረትን ዝኣመሰሉ ሰንክልናን ሞትን ዝስዕብ ሓደገኛ ሕማም እዩ። ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ ዋላ'ኳ ኣድማዕን ውሑስን ዝኾነ ክታበት እንተሃለወ፡ እቲ ክታበት ንኹሉ ኣብ ኩሉ ብግዕረ ይብጻሕ ስለ ዘይነበረ፡ ሕማም ንፍዮ ኣብዘን ዝሓለፉ 50 ዓመታት ሓደ ካብቶም ቀተልቲ ሕማማት ኣብ ህጻናት ኮይኑ፡ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣብ ሓያሎ ሃገራት ይቕጽል ኣሎ።

ብደረጃ ዓለም፡ ዝበዝሑ ህጻናት ዝርከብዎም ዓመታዊ ክሳብ 10 ሚልዮን ሰባት ብሕማም ንፍዮ ከም ዝጥቅዑን



መዓልታዊ በዚ ሕማም ልዕሊ 360 ህጻናት ከም ዝሞቱን ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት።

ብሕማም ንፍዮ ናብ ዝተለኽፈ ሰብ ምስ እንቃላዕ፡ ኣብ ውሽጢ 10 ክሳብ 12 መዓልታት ምልክታት ናይቲ ሕማም ኣብ ነብስና ክርኢ ይጅምር። እቲ ምልክታት ክሳብ 7 ወይ 10 መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል።

ኣብቲ ፈለማ መልከፍቲ ናይ'ዚ ቫይረስ፡ ክቱር ረስኒ፡ ሰዓል፡ ጸረርታ ኣፍንጫ፡ ከምኡ'ውን ምቕጻል ዓይኒ የስዕብ። ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልታት፡ ኣብ ውሽጢ ኣፍ ናይቲ ጉዳይ ማይ ዝመዓጉ ነኣሽቱ ንጣብ ነገራት ሹፍ ክብሉ ይጅምሩ። ብድሕሪ'ዚ ብገጽ ጀሚሩ ናብ መላእ ክፋሊ ሰብነት ክላባዕ ደርኡ። ኣብ ገለ ካብኦም ግዳያት ወጽኣትን ነድሪ ሳንቡእን ከኸትል ይኽእል እዩ። ግቡእ ክንክን ምስ ዘይረክብ ዑረትን ምቕጻል ኣእምሮን የስዕብ።

ንፍዮ ብምስዓልን ብምህንጣስ ካብ ግዳይ ናብ ጥዑይ ሰብ ክመሓለልፍ ይኽእል። ብጥፍጣፍን ብጸረርታ ናይ ኣፍንጫን ክመሓለለፍ ይኽእል። ንፍዮ ሓንሳብ ምስ ሓዘካ ደጊሙ ክመጽእ ዘይክእል ብዝበዝሒ ኣብ ህጻናት ዝርአ ሕማም እዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሃገርና ሕማም ንፍዮ ዋላ'ኳ ጥዕናዊ ጸገም ናይ ሕብረተሰብ ኮይኑ ክጥቀስ እንተዘይክኣለ፡ ክሳብ ብደረጃ ዓለም ጠቕሊሉ ዘይጠፍኡ፥ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢና ኣብ ዝርከባ ሃገራት ጌና ብሰቡዳ መልክዕ ደርኡ ክሳብ ዝሃለው፡ ተወሳኺ ክታበት ምሃብ ረብሓ'ምበር ጉድኣት የብሉን።

ኑቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከይተኸተቡ ዝተረፉ ንምርካብ ብዘዋበር ዘሎ ሰፊሕ ሽፈን ዘለዎ ክታበት፡ ዝተኸተቡ ብዝበዝሒ ኣብ ምውሳኽ፡ ተኸቲቦም ዘይጸንሑ ድማ ንምርካብ ኣድማዕነት ከም ዘለዎ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣቓዲሙ ክሕብር'ም ኣብ ዝጸንሑ ወፍርታት ክታበት ከረጋግጾ ዝከኣል ሓቂ እዩ።

**ሩቤላ ቫይረስ**

ሩቤላ ስሙ ከም ዘመልክቶ 'ሩቤላ' ብዝተባህለ ቫይረስ ዝመሓላለፍ ተላባዒ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም'ዚ ምልክታቱ ብኣግኡ ስለ ዘይልለ፡ ልዕሊ ፍርቂ ግዳያት ናይ'ዚ ሕማም ከም እተለኽፉ ከይፈለጡ ነዊሕ መዓልታት ክጸንሑ ይኽእሉ።

እዚ ሕማም ምስ ንፍዮ ብዙሕ ምምስሳል ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙንታት ኣብ ቆርበት ናይቲ ግዳይ ሽፍታን ዕንፍሩርን ይፈጥር። ኣብ ገጽ ጀሚሩ ድማ፡ ናብ መላእ ክፋሊ ሰብነት ይላባዕ። ረስኒ፡ ድኻም፡ ምስልኳይን ምሕርሓር ጎረሮን ገለ ካብቲ ኣብቲ ግዳይ ዝርአዩ ምልክታት እዩ። ኣብ ኣብጽሕ ቃንዛ መላግቦ፡ ምቅጻል መትንታት፡ መድመይቲን ካልእን ተወሳኺ ምልክታት የርኢ እዩ።

ነፍሰጾራት ኣብ ፈለማ ኣዋርሕ ጥንሲ ዝህልወን ረኽሲ፡ ኣብቲ ዝውለድ ህጻን ሕዱር ሕማም ሩቤላ ከኸትል ይኽእል። እቲ ዝውለድ ህጻን ናይ ዓይኒ ጸገም፡ ጽመት፡ ከምኡ'ውን ጸገማት ልብን ኣእምሮን ሃልዩዎ ክውለድ ይኽእል። እዚ ጸገም'ዚ ኣብተን ልዕሊ 20 ሰሙንታት ዘቖጸራ ነፍሰጾራት ግና ብትሑት ቁጽሪ እዩ ዝርአ።

ሩቤላ፡ እቲ ግዳይ ናይቲ ሕማም ኣብ ቅሉዕ ኣየር ብምስዓሉ ክመሓለልፍ ይኽእል እዩ። በዚ ሕማም'ዚ ዝልከፉ ደቂ ሰብ ጥራይ እዮም። ኣብ እንስሳታት ኣይላባዕን እዩ።

ሕማም ሩቤላ ኣብ ደም፡ ሽንትን ጎሮሮን ብዘዋበር መርመራ እዩ ክልለ ዝኽእል።

ውድብ ጥዕና ዓለም ዘቕረቦ ጸብጻብ ከም ዘጽርዮ፡ ዓመታዊ ክሳብ 100 ሽሕ ዝኾኑ ህጻናት በዚ ሕማም ይጥቀዑን ኣብ ግዜ ወሊድ ዘይንብር ዕብየት ኣካላትን ኣእምሮን ሒዞም ይውለዱን።

ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ኣዋርሕ ናይ ጥንሲ እዋን፡ እታ ነፍሰ ጾር ብሩቤላ ቫይረስ ምስ እትልከፍ፥ እቶም 90 ሚእታዊት ዝውለዱ ዕሸላት፡ ምስ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ጸገማት ይውለዱ። ስለ'ዚ እዚ ምስ ንፍዮ ተሓዊሱ ዝወሃብ ዘሎ ክታበት ሩቤላ፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ክህሉ ንዝኽእል ናይ ምልባዕ ተኽእሎ ንምጉዳልን ምቁጽጻርን፣ ብኡ መጠን ነፍሰጾራት በቲ ቫይረስ ከይተጠቕዓ ጥዑይ ዕሸል ከም ዝኣላ ምግባር እዩ።

ገለ ካብቶም ብሩቤላ ቫይረስ ካብ ዝተጠቕዐት ኣደ ኣብ ዝውለዱ ዕሸላት ክረኣዩ ዝኽእሉ ተፈጥሮኣዊ ጸገማት ጥዕና፦

* ዝተሓላለኹ ጸገማት ልቢ፡
* ዝሕታለ ምዕባለ ኣእምሮ፡
* ዑረትን ጽመትን፥
* ዘይንቡር ምዕባለ ኣዕጽምቲ፡
* ጉድኣት ጸላም ኩብድን ሳንቡእን፥
* ምንጻል ጥንስን መድመይትን፥
* ምውት ዕሸል ምግልጋልን ካልኦትን ይርከብዎም።

**ዘሙት ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ንምንታይ ኣድለየ ?**

ኣብ ሃገርና ዓመት መጽኣ ክታበት ንፍዮን ዕደላ ቫይታሚን 'ኤ'ን ይካየድ እዩ። ሎሚ ዓመት'ዉ ዘሙት ክታበት'ዚ ንምክያድ ዝያዳ ምድላዋት ተኻይደሉ ደርኩቡ። እዚ ፍሉይ ዘሙት ንምንታይ ኣድለየ?

* ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክታበት ንፍዮ ከይተኸተቡ ዝተረፉ ረኺብካ ምኽታብ፡ በዚ ድማ ተርእዮ ሕማም ንፍዮ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝጠፍእ ንምግባር፡

* ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ተኸቲቦም ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘማዕበሉ፡ ኑቲ ናይ ክታበት ወፍሪ ኢጋጣሚ ብምግባር፡ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ከማዕብሉን ክሐይሉን ምሕጋዝ፡

* ብንፍዮን ሩቤላን ዝያዳ ንዘጥቅዑ፥ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ ትሕቲ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ግቡእ ክታበት ከም ዝረኽቡ ብምግባር፡ እቶም ሕማማት ንምቁጽጻር፡

* ብስየገራዶብ ናይ ሃገርና ዝኣተዉ ህጻናት እቲ ክታበት ከም ዝረኽቡ ምግባር፡

* ኣብ መወዳእታ ሽፈን ክታበት ንፍዮን ሩቤላን ሃገርና ናብ ልዕሊ 95 ሚእታዊት ብምብራኽ፥ እቶም ሕማማት ካብ ናይ ምቁጽጻር ደረጃ ናብ ናይ ምሉእ ብምሉእ ምጥፋእ ንምስግጋር እዩ።

**ፍሉይ ኣቓልቦ ድሕሪ ክታበት**

=> ከም ኩሉ ዓይነት ክታበት፡ ቆልዓ ክታበት ምስ ወሰደ፡ ቃንዛ ክሰምዖን ክሳብ ሳልስቲ ዝጸንሕ ማእከላይ ረስንን ቀጨውጨውን ዝበለ ስምዒት ክፈጥረሉን ይኽእል እዩ።

=> እቲ ረስኒ ወይ ቀጨውጨው ምግል ካብ ሳልስቲ ንላዕሊ እንተቐጺሉ፥ ዝኾነ ባዕላዊ ስጉምቲ ከይወሰድና ኣብ ቀረባና ናብ ዝርከብ ትካል ጥዕና ክንወስዶ ይግባእ።

**ቫይታሚን 'ኣይ' ዓርከ ህጻናት**

ህጻናት እኹል ቫይታሚን 'ኣይ' ምስ ዝረኽቡ፦

=> ብህይወት ናይ ምንባር ዕድሎም ይዓቢ፡

=> ዑረት ዓይኒ ይከላኸል፡

=> ሓጺን (iron) ኣብ ሰብነቶም ከም ዝሰርጽ ስለ ዝገብር ካብ ዋሕዲ ደም ይከላኸል፡

=> ተጻዋርነቶም ኣንጻር ዝተፈላለዩ ሕማማት ይዓቢ፡

=> ንፍዮ ክስዕብ ዝኽእል መጠን ሞት ብ50 ሚእታዊት ይግድል፡

=> ብውጽኣት ክስዕብ ዝኽእል ሞት ብ40 ሚእታዊት ይንኪ፡

=> ብሓፈሻ ሞት ህጻናት ብ25 ሚእታዊት ከም ዝጎድል ይገብር።

ሰኣን ክታበት ንፍዮ፡ ሩቤላን ቫይታሚን 'ኣይ'ን ምውሳድ፡ ደቅና ኣብ ዘይፍወስ ስንክልና ኣይነውድቖም!

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድሃይ ኮለጅ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 16:00 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ድሃይ ሕትመት |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ምሕጋዝ ንሓጋዝን ተሓጋዝን

ንዝተጸገሙ ምሕጋዝ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ንህይወት ዕግበት ዝህቡ ግዱም ስጉምቲ እዩ። ንቶም ናይ ሞራል ሓገዝ ዘድልዮም ብዝተሰኑ ዘስንቑ ቃላት ኣጆኻ፡ ቀሪበካ ኢኻ፡ ክትዕወት ኢኻ እናበልካ ምትብባዕ፡ ንቶም ናይ ነገራት ሓገዝ ዘድልዮም ከኣ ዓቕምኻ ዘፍቅዶ ንዋታዊ ሓገዝ ብምብርካት፡ ብዘይካ'ቲ ኣብ ልቢ ናይቶም ዝተጸገሙ ሰባት እትወቕሮ ዘለኻ ተሰፋ፡ ንዓኻ'ውን ብቓላት ክትገልጾ ዘጸግመካ ርወየት ይፈጥረልካ እዩ። እሞ ንስኻኸ ንዝተጸገሙ ትሕግዞዶ? መልስኻ እወ እንተ ኾይኑ፡ ድሮ ተኻፋሊ እቲ ርወየት ስለ ዝኾንካ ምንጋር ኣየድልየካን እዩ። መልስኻ ኣይፋል እንተኾይኑ ግን፡ ወዲ ሕደር ከይበልካ ንምሕጋዝ ለሚ ተበገስ፡ ብዘይ ክፍሊት መንፈሳዊ ርወየት ክትረኽብ ኢኻ።

ሰባት ምሕጋዝ ንገራት ብኸፉት ልቢ ገለ ነገር መላውጥቲ ከይተጸበኻ ምስ እተወፍዮም ሰላም'ዩ ዝሰፍን። ብዘይ ዝኾነ ትጸቢት ንኻልኦት ምስ እንሕግዞም ዝሓሰብናዮ ዝዓበየ መኽሰብ ኢና ንረኽብ። ኣብ ምሉእ ምስ እተደሃብ ናይ ሓይልኻ እዩ ዝሕደሱ። ካልኦት ካብኻ ብዝረኸብዎ ምትብባዕ ገለ ነገር ለውጢ ከምጽኡ ምስ ጀመሩ፡ ጸልዋኻ ኣብዚ



ድሌት ሽውሃትካ ስለ ዝገድል ምሉእነት ይስመዓካ። ብኡ መጠን ድማ ናይ ሓይልን ፍቕርን ህዋሳትካ እናዓበየ ይኸይድ። ንኻልኦት ምስ እትሕግዞ ዓለም ይኸልሓ። ገዛእ ብዓትካ ክትህብ ከለኻ ኣብ ምኽንያት ዝተመርከሰ ክኸውን ኣለዎ፡ ከምዚ ብምግባርካ እትደልዮ ብዘይ ገለ ጸገም ክፍጸመልካ'ዩ። ኣብ ህይወትካ ካብ እትገብሮ ነገራት ልዕሊ ኹሉ ንስብቢ'ኻ እትህቦ ኣፅዝዘ። ከምዚ ብምግባርካ ዝዓበየ ረብሓ ኢኻ ትረኽብ፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ኣብ ህይወትካ ምሉእ ኑብሰ ተኣማንነት ትረኽብ። ኣዚ ዝተጠቕሰ መገዲ ምኽታል ስነ ኣእምሮኣዊ ዕግበት ይህብ። ስለዚ ንዝተጸገሙ ምሕጋዝ ረብሓኡ ንሓጋዝን ተሓጋዝይን ማዕረ ካብ ኮነ ሓጊዝና ዘይንሕገሰሉ እንታይ ምኽንያት ኣሎ?

## ጥቕምታት ምድራዝ እግሪ

ሓደ ነገር ሃሪመና ኣብ እንቕዝወሉ እዋን ናብ'ቲ ተሃሲዩ ዘሎ ክፍሊ ኣካላትና ወገን ዝርከብ እግርና ምስ እንደርዝ እቲ ቃንዛ ብብቑሩብ ክገድፈና ይኽእል'ዩ። ኣብ ከባቢ'ቲ ተሃሲዩ ዘሎ ኣካልና ንዝተደ ዑደት ደም'ውን ናብ ንቡር ክመልሶ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

- ቃንዛ ርእስን ሰርናን ምስ ዘጋጥመና፡ ንኣጻብዕቲ እግርና ኣትሪርና ብምጥዋቕ ወይ ብምድራዝ ቃንዛ ክሳብ ዝፈጥር ምስ ንጥወቕ ነቲ ቃንዛ ርእስናን ሰርናን ከነቃልሎ ንኽእል። ክንጥውቕ እንከሎና በብእዋኑ ንሓያሎ ካልኢታት ምጽናሕ ከድልየና'ዩ።
- ኣብ መንኩብናን ከባቢ ክሳድናን ንዘሎ ቃንዛ፡ ልክዕ ኣብ ትሕቲ ንእሽቶ ኣጻብዕቲ እግርና ንዝርከብ ከቢብ ክፋል ከብዲ እግርና ኣትሪርና ብምጥዋቕ ክህድኦ ንኽእል። ንካልኢታት ዝኣክል ምስ ንደርዞ ቃንዝና ክህድእ ይኽእል።
- ቃንዛ ከስዐ ኪጋጥም እንከሎ'ውን ኩርኩርና ብምድራዝ ነቲ ቓንዛ ብመጠኑ ክህድኦ ንኽእል።

ኣብ'ዚ ክፍሊ ኣካልና ብተደጋጋሚ ንሓያሎ ካልኢታት ኣትሪርና ብምጥዋቕ ንጸገማት ስርዓተ ምሕቓቕ መግቢ ቁሩብ ከነቃልል ንኽእል።

ቃንዛ ብርኪ ንምህዳእ ከኣ ብተመሳሳሊ ኣብ ትሕቲ ዓንኬርዓንኬራትና ዝርከብ ከብዲ እግርና ኣትሪርና ንጠውቆ ወይ ንድረዞ። ብሓፈሻ ማሳጅ ንዝተጨበጡ ጅማውትን መትንታትን ብምፍትታሕ ከም ዝዛዩ ብምግባር፡ ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ጸቢቕ ስምዒት ንኽህሉ ዝዕብር ኣገዳሲ ሕክምና'ዩ።

ማሳጅ ዝዓበየን ዝበለጸን ኣገዳሲ ሕክምና ብምዃኑ ክሳብ'ዚ ግዜ'ዚ ብዘለዓለ ኣገባብ ይሰራሓሉ ከም ዘሎ ይፍለጥ።



## ምልክታት ሓሶት

ዝኾነ ሰብ ምስ ኣብ ዘዛረብሉ እዋን፡ ሓሶት ይዛረብ ኣሎ'ን የለን ክንፈልጥ ዝሕግዙና ዝተፈላለዩ ልሙዳት ምልክታትን ሓበሬታታትን ኣለው። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ሰብ ኣካላዊ ቋንቋኡ ክላተቦ ስለ ዘይክእል፡ ኣብ እዋን ዝርርብ ኣብ መንጎ 'ቲ ዝበሃል ዘሎ ነገርን ናይቲ ሰብ ምንቅስቓሳትን ንዘሎ ዘይንጹርነት ምስትውዓል የድሊ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ምስ ሰብ ኣብ እንዛረበሉ እዋን ትኩረትን ጥንቁቕነትን ክንገብር ይግባእ። ኣብ እዋን ዕላል፡ ሰብ ንገጹ ወይ ኣፍንጫኡ ዝተናኸፍ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ቃላቱ ክላተቦ ይፍትን ከም ዘሎ ከመልክት ይኽእል። ብተመሳሳሊ ምምስቓል ኣእዳው ወይ ኣእጋር ድማ



ከይተረደኦም ሓሰውቲ ሰባት ዝዝብርዎ ናይ ምክልኻል ምንቅስቓስ ምዃኑ ክኢላታት ይሕብሩ። ምውጣር ከናፍርን ምንጋጋ ኣትሪርካ ምሓዝን'ውን ካልኦት ምልክታት ናይ ዝሕሱ ሰባት'ዮም።

ምናልባት ሰብ ይሕሱ ኣሎ'ን የለን ክንፈልጥ ዘኽእለና ኣገዳሲ ፍሉይ ጠባይ ግን ንኣዒንቲ ምዕዛብ'ዩ። ዝዛረብ ዘሎ ሰብ ኣተኪሩ ናብ ዓይንኻ ክጥምት ዘይደሊ፡ ኣዒንቱ ናብ ካልእ ቦታ ከም ዝዛራ ዝገብር እንተኾይኑ፡ እዚ ሰብ'ዚ ይሕሱ ከም ዘሎ ዝእምት'ዩ። ብዝበዝሐ ናይ ዓይኒ ስለምለም'ውን ካልእ ናይ ሓሶት ምልክት ምዃኑ ይንገር። ስለዚ እንተ ደኣ ምስ ኣብ ልዕሊ ዝዛረቡ ዘሎዎ ሰባት ከምዚኦም ካልኦት ተመሳሰልቲ ምልክታትን ኣስተብሂልና፡ ዘረብኦም ሓሶት ክኸውን ከም ዝኽእል ክንግምት ክንግደድ ከም ዘለና ምሁራት ናይዚ ዓውዲ ደጊምም ይመኽሩ። ካልኦት ምልክታት ካብ ዓይንኻ ዝሃድም ሰብ እንተ ደኣ ኢጋጢሙካ፡ እቲ ሰብ ሓደ ነገር ካብኻ ዝሓብኦ ነገር ከም ዘሎዎ ወይ'ውን ክሓብኣልካ ዝሓስቦ ነገር ኣሎዎ ማለት እዩ። ይኹን'ምበር ንነውሕ ዝበለ ደቓይቕ ዓይኒ ንዓይኒ ምፍጣጥ ግና ናይ ጽልኢ ምልክት ኪኸውን ይኽእል። ሰብ ኣፍጢጡ እንተ ጠሚቱካ ወላ'ውን ብፍሽኽታ ዝተሰነየ እንተኾነ ተጠንቀቕ።

- ብተደጋጋሚ ናባኻ እናጠመተ ቋሕ ሰም ዘብዝሕ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ናይ ሓደ ነገር መጠንቀቕታ ምዃኑ ተረዳእ። ምናልባት እቲ ሰብ ኣብ ልዕሌኻ ዝፈጸሞ ጌጋታት ይህልዎ'ሞ በደለኛ ምዃኑ ዝሕብር ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እንተ ዘይኮነ ግና ኣብ ሓደ ንስኻ ዘይትፈልጦ ጉዳይ ከሰትፈካ ይደሊ ከም ዘሎ ክትርድኦ ኣለካ።
- ዓይኑ የማን ጸጋም እናበለ ዝጥምት እንተ ደኣ ኾይኑ ከደናግረካ ይደሊ ከም ዘሎ ዘርኢ ምልክት እዩ።
- ብተደጋጋሚ ዘረብኡ ዘቋርጽ እንተ ደኣ ኮይኑ ግና ናይ መጠፋፍኢ ስምዒቱ ክላተቦ ከምዝደለየ ይእምተልካ ኣሎ ማለት እዩ።


> ## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ
>
> - "መዐቀኒ ብልሒ ናይ ምቕያር ዓቕሚ እዩ።" - **ኣልበርት ኣይንስታይን**
> - "ንኽፉእ ነገር ካብ ተሰፋ ዝዓቢ መድሃኒት የብሉን።" - **ዊልያም ሼክስፒር**
> - "ናብ ጸሓይ ገጽካ ኣቋምት እሞ ጽላሎት ክትርኢ ኣይትኽእልን ኢኻ።" - **ሄለን ከለር**
> - "ለውጢ ኣብ ኩሉ ጥዑም እዩ።" - ኣሪስቶትል
> - "ኣብዚ ህሞት እዚ ዝበለጸ ነገር ምግባር ንዝቕጽል ህሞት ኣብ ዝበለጸ ቦታ የቐምጠካ።" - **ኦፕራ ዊንፍሪ**
> - "ሓደ ነገር ኣገዳሲ እንተ ኾይኑ፡ ዋላ'ውን እቲ ዕድላት ኣንጻርካ እንተኾኑ ሕጂ'ውን ክትገብሮ ይግባእ።" - **ኢሎን ማስክ**
> - "ዓወት ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ዕብየት ጥራይ ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ ብዛዕባ ቅንዕነት እዩ።" - **ድዋይና ጆንሰን**
> - "ኣብ መንጎ ዓወትን ውድቀትን ዘሎ ፍልልይ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ክእለት ጥራይ እዩ።" - **ኣሌክሳንደር ግራሃም**
> - "ሓገዝ ካብ ጻዕሪ ዝርከብ ሓቀኛ ስምዒት ዕግበት እዩ።" - **ጆሴፍ ባርባራ**

## ምውሳን

ኣብዛ ብጸዕቂ ፍቓድና ከይናውሓ ዘይንኽእል ዕምርና፡ ዝተፈላለዩ ገጻት ህይወት'ዩም ዝጥሙና። ንህይወት ከም ዝገንጸል ወረቓቕቲ እንተ መሰልናያ፡ ኣብቲ ዝጸሓፉ ወረቐት ዝጽሓፉ ቀለም ከቕምጥ'ዩ ዘለና። ንዝተበላሸወ ጻዕዳ ወረቐት ናብ ንቡር ክትመልሶ ቀሊል ኣይኮነን። ዝሓሸ ክትገብሮ'ውን ዝያዳ ጻዕሪ ይሓትት። ካብ ከምዚ ዓይነት ኣደማዒ ዘይኮነ ኣካይዳ ንምጥንቃቕ ብሉጽ ውሳነ ይሓትት።

ግዜ ሰሩዕ'ዩ። ንቶም ዝተጋገዩ ከኣ ኣይጸብዮን። ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ፈተነን ውድቀትን ከም ዘሎ ፍሉጥ'ዩ። ዕላማ ምግባር መውጽእታኡ ሓሳብ ልብኻ ንኽስዕረልካ'ዩ። ዘደረስርስ ውሳነ ወሲንካ ንዕምርኻን ውሽጥኻን ምዝራግ ግን ምግባርካ'ዩ ዘኣሸ። ብፍላይ መንእሰይ ጨማቲ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። እቲ ምንታይሲ ውሳኔ ዕድመ ሰብ ንእሰቱ'ዩ። ምስ ግዜን መድረኽን ምትዕጽጻፍ ጥቡብ'ዩ። ኣብቲ ዝጸገሐ ሰዓት ክትወስን ዘይከኣልካሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ብኻልኦት ከይትግማዕ ኣሉታዊ ነቐፌታ ወይ ገምጋም ከይመጽካ ስለ እትፈርሕ ክኸውን ይኽእል'ዩ።

"ሰብ እንታይ ይብለኒ?" ትብል እንተ'ኳንካ ቀልጢፍካ ኣይክትወስንን ኢኻ። ቀልጢፍካ ዘይምውሳን ጥራይ ዘይኮነ ግና፡ ካብ ድሌትካ ምትራፍን ፍጹም ዘይምውሳንን እውን ከጋጥመካ ይኽእል'ዩ። ከይትወድቕ ምፍራሕ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕንቅፋታት ናይ ሓገዝን ዓወትን እዩ። እቲ ዘይወሰነ ኣብ ስራሕ ወይ ተግባር ኣሎ ክትብሎ ዘጸግም እዩ። ንገዛእ ነብስና እውን እንተ ኾኑ በቲ ዝተዓወትናዮን ዘይተዓወትናሉን ኢና ንገምግም። ኣብቲ ዘይተዓወትናሉ ኣጋጣሚታት፡ ነብስና ንጸልእ ወይ ንራገም



እንተ'ኳንና ካልእ ውሳነ ወይ ስጉምቲ ንኸይንወስድ ኣብ ልዕሌና ዕንቅፋት ንፈጥር ኣሎና ማለት እዩ። እቲ ቐንዲ ጉዳይ፡ ኣብ ጉዕዞ ንእትወስዶ ውሳነ ዝለዓለ ሚዛን ምሃብ እዩ። እቲ ዝመጽእ ውጽኢት ብዘየገድስ፡ ካብ ዘይምውሳን ጌጋ ውሳነ ምውሳን ይሓይሽ። እንተ ውሒደ ንኽትመሃር ዓቢ ዕድል ኣሎካ። ምውሳን ኑቲ ካብ ዝደቀቐ ክሳብ ዝዓበየ ክፋል መነባብሮኻ፡ ስራሕካን ዝምድናኻን ይምልከት። ምሉእ መዓልቲ ውሳነ ዘድልዮም ጉዳያት ካብ ደቒቕ ናብ ደቒቕ ይውሕዙ። ከከም ኣመጻጽኣኦም ድማ ውሳነ ክትህብ ትግደድ። ኣብ ከመይ ዓይነት ሞያ ክትዋፈር ትደሊ? ምስ መን ፍቕራዊ ወይ ናይ ሓዳር ዝምድና ክትምስርት ትደሊ? ኣብዞም ጉዳያት እትወስዶም ውሳነታት ኣመና ጸለውቲ እዮም። ናብራኻ፡ ሓገሰኻ፡ ባህጊኻ ኩሎም በዞም ውሳነታት ስለ ዝጽለዉ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ከይመጽካ ምጥንቃቕ ምልክት ልቦና ክኸውን ከሎ፡ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከይመጽኣካ ፈሪሕካ ካብ ምውሳን ትሃድም እንተ'ኳንካ ግና ዕሽነት እዩ።

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

ከም ብ'ዋዛ

## ሓማትን ሰይቲ ወድን

ብዕላል ዕላል ከም እንዕምጽ ዋላ'ውን ከም ዘርከብናሉ ቀደም ኣብ ኣስመራ፡ “ኩሱቶ እኳ ዓርከ. ኩሱቶ ኢ.ያ፧” ዘይብሉ፡ “ኩሱቶ ምስ ኩሱቶ ኢ.ያ ትዘውር፧” ኢዩ ዝበሃል ነይሩ። ሓደ ወዲ ንሓንቲ ጓል እንተፈቲዩዋ፡ እሞ ድማ ሓቲቱ ኣብ ስምምዕ እንተ ኣብጺሒዎ፡ ርእሳ ክሳብ ዝዘሪ፡ ኣካላታ ‘ፈጥ ፈጥ’ ኣብራኻ ‘ሪዕ ሪዕ’ ክሳብ ዝብላ ፍቑጾ ጎደናታት የዝሪ። እቲ ምዛር ድማ ከም መሰጋገሪ ናብ ሓዳር ርእሱ ዝኸኣለ ዓቢ ረብሓ ነይርዎ።

ፍቑራት ፈቓድኡ ክዘሩ ከለው፡ ግዳም ሓደራት ርእዩም ንቤቶም የኸብሩ፣ ላዕልን ታሕትን ሰራሕተኛታት ርእዩም፡ ዓለም ጻዕሪ ምዃና ይመሃሩ፣ ሃሩርን ጸሓይን ዓቅብን ቁልቁለትን እቲ ዘሮቶም ምጽዋር ድኻም ኣካላት የጥርየሉ። ምሕጓስ - ምሕራቕ፡ ምኹራይ - ምስሓቕ፡ ምሕያል - ምድካም፡ ምጥዓይ - ምሕማም፡ ምዕሻው - ምልባም ከምዝሎ ይፈልጥሉ። ኣብቲ ጎደና ዝርእይዎ ህይወት ብዙሓት፡ ምስ ህይወቶም የጸጽሩ። ሽዑ ትሕተትም ርእዮም ተማሲቦን ይብሉ። ልዕሊኦም ከምዝሎ ተገዚቦም ዝተርፎም ክምልኡ ይመጣጠሩ።

ጻዕሪ ናይ'ቶም፡ “ናይ ኣካላት ድኻም ኣለምም፧” ኢሎም ዝሓስቡዎም ሰባት ምስ ረኣዩ፡ “እዚኣቶም እኳ ምስ ከምዝን ከምትን ሕጽረታቶም ከምዝን ከምዝን ዝንብሩ ዘለወስ ኣነ ግዳ...” ይብሉ። ቡቶም ካብኣቶም ዝደኸሙ ሰባት ሓይሎም ይርድኦ። ቡቶም ካብኣቶም ሕይሊ ዝበሉ ዝተረፎም ከም ዘሎ የስተውዕሉ። እቲ መምስ ኣፍቃርቶም ዝዘርዎ ናይ ጎደናታት ዙረቶም፡ ኑቲ ቀንዲ ንህይወቶም ከመሓይሽሉ ዘኽእል ኣዘርካ ናይ ምርኣይ ምህሮ ይቕስሙሉ። ኣዘርካ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ይመሃሩሉ።

ጻዕሪ እቶም ከምኣቶም ክዘሩ እናኸኣሉ፡ ድፍኢት ንእሰቶም ተቐጺጺሮም ኣብ ሓርጎትትትን ስራሕን ዝርእይዎም መዛንኦም፡ ኣብ ዓለም ናይ ሃንእሉቱ ዘይብላ እቲ ናይ ንሓዋሩ ዝየዳ ከም ዘገድስ ይርድኦሉ። ኮታስ ኣብ ናብራ ክሳድካ ጥራይ ዘይብላ እንተላይ ኣተሓሳስባኻ ኣዘርካ ናይ ምርኣይ ዓቕሚ ከምዝደሊ ይግዝቡሉ።

“ሎሚ ንደቂ-ኣንስትዮ እንተኣፍቂርናየን እኳ ተዘረን ኣይትግኛ፧” ኢሉኒ ሓደ ዓርከይ ሓደ መዓልቲ ከምዝን ወዲ ከምዝን ኣልዒልና እናኣዕለልና እንከለና።

“እንታይ ደኣ?” ኢለ ክሓትቶ ግድን ስለዝበረ፡ “እንታይ ደኣ?” ኢለዮ።

“ተድርርጓ፧”

ድራር ምሸት ኢዩ፣ ንድራር ኢልካ ምስ ቆጸርካየን ብናይ ምሸት መብራህቲ ስለዘርእያኦ ንጎደናታት ኢዩ መስለ፡ ዓለም ብርሃን ብብርሃን ጥራይ ትመስለን። ሽዑ ዋላ ኣብቲ ብርሃን ጸሓይ፡ ካልእ ብርሃን ክትውለዓለን ይደልያ። ክንዲ ጣፍ እትኸውን ጸገም፡ ክንዲ እምባ ዝኸውን ዘይምቹእነት ትፈጥረለን።

እቲ ጸቡቕትቱ ሎሚ እውን፡ “ኩሱቶ ምስ ኩሱቶ እንድያ ትዘውር፧” ዝብል ልሙድ ዘረባ ኣይተረፈን። እንተኾነ ግን ካብ “ኩሱቶ ምስ ኩሱቶ እንድያ ትዘውር” ምባል፡ “ኩሱቶ ምስ ኩሱቶ እንድያ ትሓድር፧” ምባል ምሓሸ እመስለኒ። እቶም ፍቑራት ምሸት-ምሸት እናተቛጸሩ ክሳብ ሰዓት ዓሰርተን ፈረቓን ሰዓት ዓሰርተ ሓደ የዕልሉ ኣለዉ. እሞ ንሎ - ስለዝስ ካብኡ ዝዓቢ ሕድሮ እንታይ ኣሎ።

ኣብ'ዚ ሎሚ ቅኑ ክልተ ሰባት ኣብ ሓደ ቦታ ከዕልልዎ ከለዉ. ዝሰማዕኩዎ ከዕልሉኩም። ነዊሕ ተጣፊኦም ዝበሩ ኢየም ዝመስሉ፡ ነዊሕ ዝጸንሐ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጦም፡ “ቀደም ምስታ ኩሱቶ ትብሃል ሰብ ምሽ ንነዊሕ ዓመታት ትዛዙ ነይርኩም ሓቀይ?”

እቲ ሓደ ኑቲ ሓደ ሓቲትዎ።

“ሓቅኻ ኣይፈረሰዕዎን፧ ምስ'ታ ትብሎ ዘለኻ ደኣ ነዊሕ ዘይርና እንተብሉኻ'ኸ!?

“እሞ ኣብ ምንታይ ኣብ ምንታይ ዱኣ



በጺሕኩም?”

“ኑቲ ንዙረት ዘጥፋእናዮ ኣሸሓት ገንዘብ ከኣ ኣይትበሉ እምበር፡ ከረን ልዕሊ ዓሰርተ ግዜ፡ ዕስራ ሳላሳ ግዜ ዝኸውን ደቀምሓረ፡ ናብ ማሳዋ ድማ ኣዲኡ ትቑጽሮ፡ ኣብ ፈቓድኡ ኣብያተ ትልሂትን መዛናግዒ ቦታታትን ኣስመራ ኮታስ ኣበይ ኣበይ'ከ ዘይበጻሕና ወደይ!?”

እቲ ዝጥቀምሉ ዝበሩ ቋንቋ ትግርኛ ምርዳእ ኣብዩዎ ወይ ኑቲ - “ኣበይ ኣበይ በጺሕኩም?” ዝብል ዘረባ ኣስተርጓሚ ደልዩሉ ኣይገነ ከምኡ ኢሉ መለሱ እቲ ተሓታቲ። እንታይ ደኣ እቲ ንዙረት ዘጥፍኦ ገንዘብ ዝየዳ ስለ ዘተሓሳስቦ ወይ ካልእ ማለኡ እምበር።

“ንዙረት ዝኸደኩሞን ዝበጻሕኩሞን ቦታታት ኣይተግኛኩን ዝበልኣካ ዘለኹ ኣነ ግን! ማለት'ሲ ኣብ ምንታይ ቁም-ነገር በጺሕኩም?”

“ዝበጻሕናዮ ቁም-ነገር ደኣ የለን፧”

“እዋእ!”

“እንታይ ደዩ መስለካ - ምኽንያቱስ እታ ዝበልካያ ቁልዓ ምስ ዙረት ፈቓድኡ ቦታታት እምበር፡ ምስ ደስቲ ኩስኩስቲ ሌላ ስለ ዘይነበራ፡ ከመይ ገይርና ኣብ ቁም-ነገር ክንበጽሕ?”

ከይሰምዒ እምበር፡ ግዜኡ ኣጥፊኡ ሓደ ጉዳም ኣውቲኑታ እንዱሓረት እኳ ክሳብ ክንድኡ ተመላለሰሉ ናብ ዘይፈልጥ ከተማታት፡ ንሱ ግን ክሳብ ክንድኡ ይመላለስ እንተ ነይሩ፡ ዋላ ንሱ'ውን ኣበይ ምስ ቁም-ነገርን ምስ ስራሕ ሰብኣይን ሌላ ነይርዎ ክኸውን ኢሉ።

ብዘኾነ፡ “ናብ'ዚ ምጹእ ናብ'ቲ፡ በዚ ኪድ በቲ፡ ብእግር ኪድ ብዘሸግሎታ ብኣውተበስ ብታክሲ ወይ'ውን ብጥሮሳ፡ ህይወት በቲ ከሳል ዝበልካዮ ግዜን ቦታን ዘይኮነ በቲ ዝበጻሕካዮ ቁም-ነገር ኢዩ ዝምዘን” ንምባል መሰለሉይ ክኸውን እዚ ዘረባ ተሰኡ ብምምሮር፡ ንቐጽል . . .

ደስቲ እንተደኣ ተላዒላ ዝበዝሕ ግዜ ኩስኩስቲ ምስኣ ትለዓል ኢ.ያ። ንጓይ ኣብቲ ፈለማ ደስቲ ከም ንመሰርሒ ወይ ንመቕረቢ ጸቢሒ. ዘገልግል ኣቕሓ ናይ ክሽነ ኢዩ ዝመስለኒ ነይሩ። እንተኾነ ግን ንጓይ'ውን ምስ ደስቲ እምበር ምስ ኩስኩስቲ ሌላ ከም ዘይነበረኒ ኢየ ተረዲአ። ምኽንያቱ - ኩስኩስቲ ከም በዓል ደስቲ ዘይብሉ በራድ ዝመስል ቅርጺ. ዘለዎ፡ ካብ ወርቂ ብሩር ወይ ናሕሲ. ዝስራሕ ኣብ ግዜ ምሕጻብ ኢድ ንመንቀርቀሪ ማይ እንጥቀመሉ ክቡር ኣቕሓ ኢዩ።

ምስ ኩስኩስቲ እሞ ንግደፎ፡ ብዓብኡ ግን ምስ ደስቲ ሌላ ዘይብሎ ሰብ ከመይ ገይራ ምስ ሓዳር ሌላ ክህልዋ ይኽእል? ጓል-ኣንስተይቲ ደስቲ ዘይትፈልጥ እንተኾይና፡ ከመይ ገይራ ኣቀሪድዳ ሓምሊ. - ኢታኣርያ ብርስኒ ኣብቒጻ እኽሊ. - ኢቃልዋ ዓተር ክትፈልጥ? ደስቲ ዘይትፈልጥ እንተኾይና ከምይ ገይራ ንሽሓኒ ካብ ሰፍኡ፡ ንጊጥ

ካብ ጥስቲ ንመኽምብዩ ካብ መኸብዕቲ ንጹሕሊ. ካብ ብዩቲ ክትፈልዩ ትኽእል። ንኢቃልዋን ኣዋቕጣን እንጣጠዕ ከምኡ'ውን ንኣጸሙቓ ሰዋን ኣላውሳ ብሒቑኽ ከመይ ከመይ ክትገብሮ ትኽእል? ኑቲ መኣዲ በቲ ሽሓኒ መሕጸቢ. እግሪ ቀሪቡ ኑቲ ጸብሒ. እንዚ ብዘለዎ ኩብያ ክትጸብሑልካ ከለኻ ንኣካ ከመይ ከመይ ገይርካ ክትጻወሮ ኢኻ?

ከም'ዚ ሎሚ ከይትኑ ቀደም - ሓማወቲ ንመርዐት ኣንስቲ ደቀን ናይ ውሕልና ፈተና የካይዳለን ነይረን ኢየን። እተን መርዐት ኑቲ ፈተና እንተዘይሓለፈናኑ እተን ሓማውቲ “በኖ!” ይብላ ዓው ኢለን። እተን ኑቲ ፈተና ክሓልፋኦ ዘይክኣላ በርሳታት መርዐት ድማ “ሓፍት!” ይብላ ቀስ ኢለን። ሽዑ ጀሚሩ ድማ ኢዩ እቲ - ‘ሓማት ሓፍት’ ዝብል ዘረባ መጺኡ።

ምጥባሕ ደርሆ፡ ፍትንቲ መፈተኒት ኢያ ነይራ ኣብቲ ሽዑ - መርዓት ናብ እንዳ ሓሙኣ ምስ መጸኣት፡ እታ ሓማታ የዕሩኽ ከይመጽኡ ከለዉ. ንባህ ወጋሕታ ኣተንስኣ ትጥባሕ ደርሆ ትህባ፡ እታ መርዓት ኑታ ደርሆ ጠቢሓ እንተኸኢላታ - ማለት ብጥበእ እናፈላለየት ኣብ ዓሰርተ ክልተ እንተመቓቒላታ ጸቡቕ። ርእሲ. ምስ ክሳድ፡ እግሪ ምስ ኣጻብዕቲ፡ ፈረሰኛ ምስ መንዙብዙብ፡ መልሓጭ ምስ ሰለፍ. . . እናሓዋወሰት ኣብ ሸሞንተ እንተ ገይራታ፡ ወይ ከም ኣማትራ ስጋ ናብ ሽሕ እንተኣዳቒቓታ ግን፡ ኣየገይተን ኢ.ያ ዓይኒ ኣየገይተን ኢ.ያ ሓመድ ደኣ እንደዒ እምበር፡ ካብ'ታ ሰዓት እቲኣ ጀሚረን ሓንቲኤን ዓይኒ ሓንቲኤን ሓመድ - ማለት ዓይንን ሓመድን ኮይነን ኣለዋ።

ሓደ ግዜ ሓንቲ ሓማት ንሰይቲ ወዳ ክትፍትና ብምግላት፡ ኑታ ኣዳልያታ ዝጸንሐት ደርሆ ሐ!ዛ መጺኣ ወጋሕታ ንምዝፅጾ ቤት-ሕጹኖት፡ ‘ኳሕ! ኳሕ! ኳሕ!’ እናኣበለት ኳሕኳሓቶ።

“መን?” መርዓት።

“ኣነ እየ ክፈትሊ!”

“ኢይ ለይቲ እንድዩ ዘሎ ማማ፡ ብለይቱ ትኩሕኩሕና ደኣ ናይ ደሓንኪ ዲኺ?”

“ናይ ደሓንስ ናይ ደሓን ኢዩ። እዚ ሐ!ዞ ዘለኹ ክሀበኪ ደልየ ኢየ - እንኪ!”

“እንቱ፡ እንኪ፡ እንኩሙ፡ እንኩም፧” ዝብል ዘረባታት መቸም ንኹሉ እንድዩ ዝስሕቡ፡ “እንኪ!” ዝሰምዐት መርዓት - “ሓማተይ ሽኮር ደኣ፡ ገለ ደኾን ብለይቲ ገለ ዓይነት ህያብ ሐ!ዛትለይ መጺኣ ኮይና?” ኢላ እናሓሰበት ማዕጾ ‘ፊግ’ ኣቢላ ክትከፍቶ ካሪ፡ ደርሆን መዕበጢ. ሽሓንን ዝሓዘት ሓማት ደበኽ ኢላ - ኑቲ ንመፈተኒ ውሕልና መርዓት ሒ!ዛቶ ዝኣተወት ክንዲ ካልእ ዝኸውን ደርሆ ናብ ሕቑፊ እታ መርዓት ሰው ከተብሎ፡ ወያ መርዓት ብሰንብደ “ኢ.ይይይ!” እናበለት ሃዲማ ናብ ሕቑፊ እቲ ድሮ ተንሲኡ ዝበረ ሰብኣያ ክትዕቆብ ሓደ ከይዱ።

“እዚ ደኣ'ቲ እንታይ ኮይንኪ. ክሳብ ክንድ'ዚ. ተእወዪ?”

“ምሽ ትርእያ ኣለኻ ማማኻ ገጅፍ ደርሆ ሐ!ዛ ከተትከብኒ. መጺኣ፧”

ጸጋይ ገምሳ ዝበሃል ዝሬትዎ ምዕባዩይ ሓወይ ኣብ'ዚ. ቀረብ ግዜ ዘዕለለኒ. ድማ - ሓንቲ ምስ ደስቲ ኩስኩስቲ ሌላ ዘይነበራ መርዓት፡ ንግደት እንዳ ሓሙኣ ክይኑስ ንሓማታ ክትሕግዝ ተባሂሉ ብድሮ ናብ እንዳ ሓሙኣ ትኸይደልኩም። ከም በዓል ካሮቲ፡ ሰላጣ፡ ድንሽ፡ ሕልበት፡ ብርስን ዝኣመሰለ ፍሉጥ ጸብሒ. ንግደት ተቐራረብ ናብ ስራሕ ተኣትዩ። እታ ሓማት ብኹሉ ኣተሓሕዛ ስራሕ ናይ ሰይቲ ወዳ ሕጉስቲ ኣይነበረትን። ንኹሉ ዘረባታታ ድማ ብኹራን ገኤጨርጨርን ጥራይ ትዛረቦ ነይራ።

“ስማዕኪ ምርቑቲ እቲ ዘተቐልወ ድንሽን ካሮትን ምስ'ቲ ካውሎ ክንሓዋወሶ እቲ ዘበሰልክዮ ካውሎ'ዶ ከተምጽእየ?” ሓማት።

“ኣይበሰለን!” እታ ምርቕቲ መርዓት።

“ምሽ ቅድሚ ሓሙሽተ ሰዓታት ኢያ ሰኺትትዮ ኢለኪ. ነይረ? ኣብ ምሽኻታት ደንጕኻዮ ዲኺ. . ?።

“ኣይደንጎኽዎን ሽዑ ሽዑ እምበር ሰኺቲተዮ፧”

“እዋእ እሞ ቅድሚ ሓሙሽተ ሰዓታት ተሰኺቲቱስ ኸ ኣይበሰለን?”

“እወ ሕጂ ሕጂ ከም'ዚ ናይ ድንሽ ብልዕሊኡ እናቐረናኹ ክፍትኖ ጺሒሐ እንደዩ፡ ግን ኸ ኣይበሰለን ኣሎ፧”

ሽዑ ሓማት - “እሲ. ንስናይ ኣርኢዪ. . .” ብምባል ኮደብ ኮደብ እናበለት ኑቲ ደስቲ ክፈታ እንተረአየቶኸ? ወዮ ካውሎ ሓሙሽተኡ ከይተመትረ ብበቡ ኣብ ዓቢ. ደስቲ ኣትዩ፥ እቲ ማይ ሽርኽርኽ ይብል።

እቲ ቀደም ዘመን ብሓሰራተን እምበር፡ ኣብ'ዚ ሎሚ ሎሚ ግን ምስ ክብሪ ዋጋታት ደርሁ፡ ንደርሆ ከም መፈተኒ ውሕልናት መርዑ ክትጥቀማለን ከበድ ኢዩ። በዚ. ድማ ንነውሒ ዝበለ ዓመታት ንደርሆ እንተኸኣልካ እቶም ዝምልከቶ ሰባት ጥራይ ኣጸምው ኣብልኹ ማዕጾ ገዛኻ ዓጺ.ኻ ተጠንቂቕካ ትበልዓ እምበር፡ ከም መፈተኒ ‘ውሕልናት መርዓት’ ምጥቃም ከም ዕሸት እናተቐጽረ ኣቋሪጹ ኢዩ። ምስ'ቲ ድሒርና ዝረኣናዮ ኩናታት ናይቲ ሓሙሽተ ከንዲ ገለ ዝኸውን ካውሎታት ግን ዓበዩ እኳ እንተዘይብሉ ንእሱ ንእሱ ዝበለ ካውሎ ዝእኽ ከም መፈተኒ ውሕልናት መርዓት ክትጥቀመሉ ክሰራ ፍቕሪ እንተዘይብሉ፡ ክሰራ ገዝቡ ግን ውሑድ ኢዩ።

ኣነ ብወገነይ ምፍታን ናይ ሓማውቲ ኑተን ኣንስቲ ደቀን ኣይጸላእኩዎም። እንተኾነ ግን እንታላይ ኣብ ደቂ-ተባዕትዮ እውን ፈተና ክህሉ ነይርዎ በዝላይ ኢዩ። ኣብ ከተማ እንተኾይኑ ብናይ ከተማ ስራሕቲ ትፍትኖ፡ ኣብ ስራሕ ዘለዎ ኣረኣእያ ትመዝኖ፡ ኣንገዙ ይወፍር ደዩ ዋላ ኣብ ዓራት ጠንቀላዕለዕ ክብል ምውዓል ኢዩ ዝሬቱ ትርእዩ።

ኣብ ገጠራት እንተኾይኑ ድማ፡ ናብ'ቲ መርዓዊ ክልተ ኣብዕርን ፋሕ ብትን ዝበለ ኣርዑት፡ ነዊት፡ ዕርፊ፡ ማሕረሻ፡ ድጉሪ፡ ጭግራፍ፡ ምራን ከርፈሰን ምራን ቁራዓትን ኣምጺእካ - ኣሰማቱ እናጸዋዕካ ኣጥጣጢምካ ዝም ኣቢዕር ቁረናም ትብሎ። እንተኸኢልዎ ‘ንሩዕ! ከኣለ! ወሓለ! ትብሎ። እንተዘይክኢልዎ ግን ከም'ቲ ናይ ጓል በሮ ዘይትሉ “ኣብዕር ቁረኻ ዘይክኣልካሲ ጓል ሰብ ድማ ኣብ ሓዳር ክትቀርን ትሓስብ?” እናበልካ ‘ሕልኩሱ ምትሩስ ወይ ልኸሰሰ!’ ትብሎ።

ብዝኾነ ናይ ሓማት ንሰይቲ ወዳ ምፍታን ኣይቃወን እቲ ጸገም፡ ሰይቲ ወዲ ንፈተና ሓማታ ዘይምሕለፋ'ውን ነውሪ ኣይመስለንን። ሓማት ሮጒ ኢላ ኑታ ሰይቲ ወዳ ከተረድኡ እታ ሰይቲ ወዲ ድማ - እንተኾነ እንተኾነ ከሎ ገና ኣብ ዕዮ-ገዛ ንወላዲታ እናሓገዘት፡ እቲ ዘይፈተኑቶ ድማ - ንዓበይቲ ኣሕዋታን ኣዴታታን እናሓተተት ተማሂራ ምምጻእ። እንተዘይክኢላ ድማ ንቕፈታ ሓማታ ብኢወታ ተረዲኣ ክትመሃር ምፍታን።

እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ናይ ዘይምፍላጥ ጸገም፡ ኣብ ብፍሪሰ ሓዳራ ጥራይ ከይተወሰኑ ኣብ ምፍራስ እቲ ጠቓሚ ባህልና እውን ዓቢ. ኣዕናዊ ጽልዋ ዘለዎ እመስለኒ። ብሩኽ ቅነ!

### ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ. ሕዳር 2018፡ ሕማም ንፍዮ ንምቁጽጻር ብደረጃ ሃገር ዘካየዶ ሰፊሕ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት፡ ሎሚ ዓመት ድማ ሕማም ንፍዮን ሩብላን ካብ ናይ ምቁጽጻር ደረጃ ናብ ናይ ምጥፋእ ደረጃ ንምስጋጋር፡ ካብ 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024፡ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከምኡ'ውን ዕደላ ቫይታሚን “ኤይ” ከካይድ እዩ።

**ኣብ'ዚ ወፍሪ ክታበት ዝኽተቡ መን'ዮም?**

* ኩሎም ካብ 9 ወርሒ. ክሳብ 5 ዓመት ዕድመ ዘለዉ ህጻናት፡ ናይ ክታበት ካርዶም እናተራእየ ከም ኣድላይነቱ፡ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከም ዝኽተቡ ክግበር እዩ።

**ብተወሳኺ፦**

* ኩሎም ካብ 6 ክሳብ 59 ወርሒ. - ማለት ትሕቲ 5 ዓመት ዕድመ ዘለዉ ህጻናት ድማ፡ ናይ ክታበት ካርዶም ሒዞም ኣብ መኽተቢ. ነቑጣ ብምምጻእ ቫይታሚን “ኤይ” ክወስዱ እዮም።

ስለምንታይ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ኣብ'ዚ. እዋን?

1. ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከይተኸተቡ ዝሓለፎም ህጻናት ረኺብካ፡ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከም ዝኽተቡ ምግባር፡

2. ኑቶም ቅድሚ ሕጂ ተኸቲቦም ምሉእ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዘማዕበሉ፡ በዚ. ናይ ሕጂ ክታበት ዝያዳ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ንኽማዕብሉ ምሕጋዝ፡

3. ብስገረ ዶብ ንዝኣትው ሕማማት ንፍዮን ሩብላን ብምቁጽጻር፡ ሽፋን ክታበት ልዕሊ. 98% ከም ዝበጽሕ ብምግባር፡ ሕማም ንፍዮ ካብ ናይ ምቁጽጻር ደረጃ ናብ ምሉእ ምጥፋእ ከም ዝሰጋገር ምግባር።

ብመሰረት ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቕሰ ሓበሬታ፡ ኩሎም ወለዲ ይኹኑ ኣለይቲ፡ ካብ ክሊ. ዕድመ 6 ወርሒ. ክሳብ 5 ዓመት ዘለዉ ደቅኹም፡ ኣብቲ ካብ ዕለት 24 ክሳብ 28 ሚያዝያ 2024 ዝካየድ ሃገራዊ ወፍሪ ክታበት ንፍዮን ሩብላን ከምኡ'ውን ምዕዳል ቫይታሚን “ኤይ” ናብ ጥቓኹም ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ግዝያዊ መኽተቢ. ነቑጣ ናይ ክታበት፡ ካርድ ሒዝኩም ብምምጻእ ደቅኹም ከተኽትቡ ሚኒስትሪ ጥዕና ይሕብር።

**ጥዕና ደቅና ብኽታበት ነውሕስ!**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ሸሪዓ

ከሳሲት ኣማል ኣወልከር ሳልሕ፣ ተኸሳሲ ዓወድ መሓመድኑር ስራጅ፣ ብዩልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቐሪባትልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ርግኣት ርእሶም ጉብሩ፣ ኣቦይ ርእሶም ጉብሩ ተስፋሚካኤል ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዳናት ተኸስተ ሰጊድ፣ ኣቦይ ተኸስተ ሰጊድ ስለ ዝዓረፈ፣ ንኣደይ ጉት ተኣምራት ገብረእየሱስ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይትሓለወሉ፣ ኣነ ከኣ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተንስኤ እዮብ ዑቕቢ፣ በዓል ቤተይ ኣብርሃም በራኺ ስለዝተሰውኡ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይትሓለወለይ፣ 1ወድና ከኣ ወራሲ ምኳኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳባ ተስፋማርያም ገብረሚካኤል፣ ኣደይ ወ/ሮ ሚዛን ተስፋይ ጋርዛ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 2 ህልዋት ኣሕዋተይ ከምኡ'ውን 3 ዘርኢ ኣሕዋተይ ወራሲት ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ. 49 ይቕረብ።

ዓወት ገብረሂወት መሓሪ፣ ስም ኣቦይ መሓሪ ምባል ተሪፉ፣ ገብረሂወት መሓሪ ስም ኣደይ ከኣ ለምለም ጆናይ ምባል ተሪፉ፣ ዛይድ ገብረመስቀል ጆናይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ፡ ወራ/ፍ /ፊት/ንጉሰ ሓጎስን ወራ/ፍ/ለተኺዳን ሃብተሚካኤል ኣቶ ሃብቶም ንጉሰ ሓጎስ፣ ተኸሰስቲ፡ ወራ/ ኑፍ ንጉሰ ሓጎስ ወራ/ፊተ ለተኺዳን ሃብተሚካኤል ዝኾኑ 3.1 የማነ የውሃንስ 3.2 ጠዓመ የውሃንስ 6.3.1 ጳውሎስ ሃብተኣብ 3.6.2 ጴጥሮስ ሃብተኣብ 3.6.3 ሰሎት ሃብተኣብ፣ 3.6.4 ሚካኤል ሃብተኣብ 3.6.5 ጸዮን ሃብተኣብ፣ 4. ኣዜብ ንጉሰ ሓጎስ፣ 5. ወልደሚካኤል ንጉሰ ሓጎስ 6.1 ሃና ኣማንኤል ንጉሰ 6.2 ሰላም ኣማኑኤል ንጉሰ፣ 6.3 ስቡሓትልኣብ ኣማኑኤል ንጉሰ፣ 6.4 ሰናይ ኣማኑኤል ንጉሰ 6.5 ሓረገወይኒ ኣማኑኤል ንጉሰን ናይ ምቅሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፣ ን21/5/2024 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

በየነ ፍረዝጊ፣ ኣቦይ ፍረዝጊ ኣርኣያ ገብረኣምላኽ ስለዝዓረፈ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን21/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ወ/ሮ መሓሪት ሰልጠነ ጠዓመ፣ ኣቦይ ሰልጠነ ጠዓመ ስለዝዓረፈ፣ ንዩልቲ ቤቱ ዘሩን ተኽሊት ናይ መጸምዲ ማሰላ ይትሓለወሉ፣ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለተብርሃን ኣብርሃ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ኣንገሶም ሃይሉ፣ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ቤተልሄም ወልደማርያም፣ ኳሊይ ኣስመረት ሰመረ ሓድጉ ብውሳነ ቤ/ፍ ጥፍእቲ ስለዝተበሃለት ውላድ ድማ ስለዘይብላ፣ ኣቡኣ ድማ መዋቲ ስለዝኾነ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ለተኪዳን መሓሪ ሃይለ ምባል ተሪፉ፣ ለተኪዳን መሓሪ ዘርኡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋልደት ገብረየውሃንስ፣ ኣደይ ሳራ ተኽለ ስለዝዓረፈት፣ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤንሀር ሳሚኤል የማነ ምባል ተሪፉ፣ ናትናኤል ሳሚኤል የማነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ሳሚኤል ገብረእግዚኣብሄር መንግስትኣብ፣ ኣቦይ ገብረእግዚኣብሄር መንግስትኣብ ኣብዲ ስለዝተሰውኡ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን16/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሰማይት ተስፋገርግሽ ሃይለ ምባል ተሪፉ፣ የርሳሌም ተስፋገርግሽ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጥዑምዝጊ ኪዳነ ተስፉ፣ ስም ኣቦ ወላዲተይ ትርፊ ኣብርሃ ወልደማርያም ምባል ተሪፉ፣ ትርፊ ገብረጻድቕ ወልደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ፍጻሪ ዛይድ ገብረክርስቶስ፣ ተኸሳሲ ኣቶ ሸዊት ንጉሰ ፍስሃጼን ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣብርሃም የውሃንስ ተስፋማርያም ወ/ረ ኑፍ/ ምሕረት ጉብረ +2 ማለት ወ/ረ ኑፍ የማነ ወልደጉብርኤል ዝኾነ መርሃዊ የማነ 2. ናሆም የማነ ናይ ሰበል ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፣ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።




## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!


## ERITREA
## Specific Procurement Notice
## (Invitation for Bids [IFB])

**IFB Number: 06.2/01/ OCBI/AfDB-DRSLP V/AED/NARI 3/YT/24**

**Purchaser:** **MINISTRY OF AGRICULTURE**

**Project:** **DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA PROGRAM**

**Contract title:** **SUPPLY and INSTALLATION OF PRESSURISED IRRIGATION AT HALHALE, GOLJ (AKLELET) AND GAHTIELAY**

**Country:** **ERITREA**

**Grant No.:** **5900155016104/2100155040575**

**Procurement Method:** **OPEN COMPETITIVE BIDDING (INTERNATIONAL)**

**OCBI / LCB No:** **06.2/01/ OCBI/AfDB-DRSLP V/AED/NARI 3/YT/24**

**Issued on:** **April 2024**

1. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea has received financing from the African Development Bank Group hereinafter called the Bank toward the cost of the DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA and intends to apply part of the proceeds toward payments under the contract for the Supply and Installation of Pressurised Irrigation at Halhale, Golj(Aklelet) and Gahtielay.
2. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea now invites sealed Bids from eligible Bidders for Supply and Installation of Pressurised Irrigation at Halhale, Golj(Aklelet) and Gahtielay.
3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), (OCBI) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated October, 2015 and is open to all eligible bidders as defined in the Procurement Framework.
4. Interested eligible Bidders may obtain further information from Ministry of Agriculture of the State of Eritrea, Yacob Tesfom, **yacobtesfom@gmail.com** and inspect the bidding document during office hours i.e., 08:00 to 15:00 hours at the address given below.
5. The bidding document in English may be received by interested eligible Bidders upon the submission of a written application to the address below.
6. Bids must be delivered to the address below on or before **10:30 a.m.** local time on 06 June 2024. Electronic Bidding **will not** be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address below on **11:00 a.m.** local time on 06 June 2024.
7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of **USD 6,000.00 or its equivalent in convertible currency**
8. The address (es) referred to above is (are): Ministry of Agriculture of the State of Eritrea
   Yacob Tesfom
   Head Office, Gejeret, Sawa Street,
   P.O. Box 1048,
   Tel. 002911189266/002911180699,
   Asmara, Eritrea
   Email: **yacobtesfom@gmail.com**.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## “ዋንጫ ናይ ምልዓል ሕልሚ ሊቨርፑል ኣብቂዑ” ካራገር

### ኤቨርተን፡ ድሕሪ 14 ዓመታት . . .

እንግሊዛዊ ተንታኒ ጀሚ ካራገር፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ናይ ምልዓል ሕልሚ ሊቨርፑል ከምዝበቕዐ ተዛረበ - ድሕሪ'ቲ እዛ ጋንታ ረቡዕ ምሸት ኣብ ናይ መርሲሳይድ ደርቢ ጸወታ ብኤቨርተን 2-0 ምስዓረት።

ኤቨርተን፡ ቀዳማይን ድሕሪን ዕረፍቲ፡ ካብ ጃራድ ብራንዝዋይትን ካልቨርት ለዊንን ብዝመዝገበቶም ሸቶታት እያ፡ ነዛ ምስ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ኣብ ቅልስ ንዋንጫ እትርከብ ጋንታ ሞራላ ሰይራታ። ሊቨርፑል፡ ሰሪዚ ስዕረት፡ ፕሪመር ሊግ ኣርባዕተ ግጥማት ተሪፍዎ እንከሎ፡ ካብ መራሒት ዝኾነት ኣርሰናል ብሰለስተ ነጥቢ ክትድሕር ተቐሲባ ትርከብ።

ብዘይካ'ዚ፡ ማን ሲቲ፡ ተሪፈናኣ ዘለዋ ክልተ ግጥማት (እታ ሓንቲ ትማሊ ምሸት ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከላ ኣካይዳታ) እንተ ተዓዊታትለን ንሊቨርፑል ብሓሙሽተ ነጥቢ ክትበልጻ እያ።

ድሕሪ'ዛ ጸወታ፡ ካራገር፡ “ናይ ኤቨርተን ምሸት እያ። ከም ደጋፊ ሊቨርፑል ክትቅበሎ ኣሎካ። እዚ ስዕረት ንሊቨርፑል ንዋንጫ ኣብ እትገብሮ ዘላ ገድሊ መኽተምታ እዩ። ከይዱ ግና፡ ነዛ ዓመተ-ስፖርት ካብ'ዚ ዝላዕ ደረጃ ከይወረደት ክትውድኣ እያ ክትቃለስ ዘለዋ። ተጻወትቲ እዛ ጋንታ፡ እኹል ዕድላት ፈጢሮም ክንሶም፡ ውሑላታት ኣይነበሩን።” ኢሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብዚ ግዜ በዛ ጋንታ




ኮሳ ብዩኦለማዊኣ የርገን ክሎፕ ክትሓርቕ ቅሉዕ ኮይኑ ከምዝርእዮ ዝገለጸ እዚ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ሊቨርፑል፡ ጸቡቕ ገኺጋስ ከምዘይበርዎ፡ እታ ምሸት ግና፡ ናይ ኤቨርተን ምንባራ ይገልጽ። ሊቨርፑል፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ሳምንቲ ውድድር ንዋንጫ ኣብ ሜዳ ኤቨርተን ዘርኣየቶ ብቕዓት ግና፡ ‘ዘይቅቡል’ ምንባሩ ገሊጹ።

እቲ ዝዓበየ ጸገም እንታይ እዩ?

ሓደ ካብቲ ንሊቨርፑል ንስዕረት ዘቃልዓ ዘሎ ናይ ቀረባ እዋን ጸገማታ፡ ቀዋማይ ማስመራ ሹቶ ናይ ምቕጻር ዓቕሙ ተዳኺሙ ብምህላዉ እዩ። ብርክት ዝበለ ዕድላት ኣብ ምፍጣር እኳ ዘይትጽገም እንተኾነት፡ ናብ ሹቶ ክትቕይሮ ብዘይምኽኣላ ግና፡ ንዝተመዝገበ ሸቶታት ኣሕውያ ክትዕወት ዓቕቢ ኮይኑዋ ይርከብ።

ትማሊ'ውን፡ ሳላሕ፡ ኑነዝን ዲያዝን ሹቶ ክኸውን ተኽእሎ ዘለዎ ዕድላት ኣጥፊኦም እዮም። ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ፡ ኑነዝ 26፡ ሳላሕን ዲያዝን ብተኸታታሊ 13ን 12ን ዓበይቲ ዕድላት ምብኻኖም ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ናይ'ቲ ሊግ የረድእ። ሃላንድ 30 ዕድላት ናይ ሹቶ ብምብኻን ኣብ ቀዳሚት ይርከብ።

ሳላሕን ኑነዝን ንመወዳእታ ግዜ ኣብቲ ምስ ዩናይትድ 2-2 ዝተፈላለዩሉ ግጥም ሹቶ ናይ ሊግ ምስ ኣመዝገቡ እዮም። ኑነዝ ከኣ ንሸፊልድ 3-1 ኣብ ዝሰዓሩሉ ናይ 4 ሚያዝያ ጸወታ።

ሊቨርፑል፡ ዛጊት ኣብዚ ወርሒ ኣብ ሓሙሽተ ናይ ሊግ ግጥማት - ክልተ ሰዒራ፡ ክልተ ግዜ ተሳዒራ፡ ሓንሳብ ማዕረ ወጺኣ። ከም ውጽኢቱ፡ ሽውዓተ ነጥቢ ናብ ሕሳብ ደሚራ ሸሞንተ ከሲራ። በዚ ከኣ ቀዳሚ ምስ ማን ዩናይትድ ምጽዋታ (7 ሚያዝያ) ሒዛቶ ዝነበረት መራሕነት ንኣርሰናል ምስ ኣረከበት፡ ዳግማይ ክትምለሶ ዘኽእላ ዓቕሚ ኣይረኸበትን ዘላ።

እቲ ካልእ ውድቀት?

እዛ ጋንታ፡ ካብ ኤውሮፓ ሊግ ካብ ትጸበት ወጺኣ፡ ብኣታላንታ 3-1 ተሳዒራ (ኣብ ሜዳኣ ኣንፊልድ 3-0 ተሳዒራ፡ ገይሻ ከኣ 1-0 ተዓዊታ) ካብ ርብዒ ፍጻመ ብምግላፋ፡ ንወሰጣዊ ቅልውላዋ ነዳዲ ወሲኹሉ እዩ።

በዚ ከኣ ክሳብ 17 መጋቢት ብማን ዩናይትድ ካብ ርብዒ ፍጻመ ኤፍኤ ካፕ እትእሉ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዋናጩ ኢዳ ከተንብር (ንካራባኦ ካፕ ኣቐዲማ ዓቲራታ ነይራ) ሓለና እኳ እንተነበረት፡ ሕጂ ግና፡ ዕድላ ኣብ ፕሪመር ሊግ ጥራሕ ተሓጺሩ ኣሎ። ነዛ ን19 ግዜ ዝዓተረታ ዋንጫ'ውን፡ ዋላ'ኳ ብቑጽራዊ ሓቂ ኣይረጋገጸ፡ ግዳ ከምዝኸሰረታ እዩ ዝገለጽ ዘሎ። ይኹን'ምበር፡ ከሰሶ እግሪ ዘይትጸበታዊን ትንግርታዊን ፍጻመ ዝኸሰተሉ ዓውዲ ምኻኑ ዘይምርሳዕ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ድሕሪ ምዝዛም እዛ ወቕቲ መዝሙ ዘርክብ ዓሰሚ እዛ ክለብ የርገን ክሎፕ፡ ነዚ ዘጋጠሞም ስዕረት፡ ንደገፍቲ ይቕረታ ሓቲቱሉ ኣሎ። እንተ'ታ ብዓበላልነት ሊቨርፑል ሳዕያ ዝጸንሐት ኤቨርተን፡ ድሕሪ ጥቅምቲ 2010 - ማለት ድሕሪ 14 ዓመታት፡ ንሊቨርፑል ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ፋልማይ ናይ መርሲሳይድ ደርቢ ዓወት ኣጽሒፋ ኣላ። እቲ ዝበርም፡ ኣብቲ እዋን (2010)፡ ሊቨርፑል 2-0 ክትሰዓር እንከላ እዚ ሕጂ ብዝዕባ ስዕረት ሊቨርፑል ርእይቶኡ ዝሀበ ዘሎ ካራገር፡ ሰከዐቶም ብዙም ካዚልን ሚኬል ኣርቴታን ሸቶታት ክምዝገቡ እንከሎ ከም ተኸላኻላይ ኮይኑ ኣብ'ቲ ግጥም ተሰሊፉ ምንባሩ እዩ።

## ኣንቸሎቲ፡ ኮርቱዋ ክምለስ ከምዝኽእል ገሊጹ

ዓሰሚ ሪያል ማድሪድ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ መጉዳእቲ ገጠምዎ ዘሎ ሓላዊ ልዳየም ቲቦት ኮርቶዋ፡ ኣብዛ እትመጽእ ዘላ ሰሙን ናብ ጸወታ ክምለስ ከምዝኽእል ገሊጹ።

እዚ በልጅዩማዊ ሓላዊ ማዕጾ ኣብ



ምጅማር እዛ ወቕቲ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ፡ ንምልእቲ ዓመተ-ስፖርት ክኸስራ ምኻኑ ተኣሚኑ ነይሩ። ቅልጡፍ ለውጢ ናይ ምሕዋይ ብምርኣዩ ግና፡ ዳግማይ ዝሓለፈ ወርሒ ናብ ልምምድ ተመሊሱ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ፡ ኣብ እዋን ልምምድ ዳግማይ ሓዲሽ መጉዳእቲ ስለዘጋጠሞ፡ መብጣሕቲ ክጉብር ተቐሲቡ። ሰሪዚ መብጣሕቲ፡ ካብ ሽዱሽተ ሳምንቲ ክሳብ ሰለስተ ወርሒ ካብ ኣገልግሎት ወጺኡ ክኸውን ምኻኑ ተገሚቱ ስለዝነበረ፡ ምዝዛም ወቕተ-ስፖርት 2023-24 ክርክቦ እዩ ተባሂሉ ነይሩ።

ትማሊ ግና፡ ኣሰልጣኒኡ ኣንቸሎቲ፡ “ኮርቱዋ ደሓን ኣሎ። ከም ዝመስለኒ፡ ዝመጽእ ሰሙን ክህሉ እዩ። ምስ ካዲዝ ኣብ እነካይዶ ግጥም ክሰለፍ ይኽእል እዩ።” ክብል፡ ንደገፍቲ እዚ ተጻዋታይ ተስፋ ዝሀብ ዘረባ ተዛሪቡ።

ብናይ 11 ነጥቢ ፍልልይ ንላ'ሊጋ እትመርሓ ዘላ ማድሪድ፡ ሎሚ ናብ ሪያል ሶሴዳድ ተጓዒዛ መራሕነታ እተግፍሓሉ ዓወት ክትህንድስ እያ። ኣብዛ ጸወታ፡ መንእሰይ ተጻዋታይ ኣርዳ ጉለር ውሑድ ደቓይቕ ናይ ምስላፍ ዕድል፣ ሚሊታኦ ከኣ ምስ ቀዳሞት ክስለፍ ተኽእሎ ኣሎ - ብመግለጺ ኣንቸሎቲ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ዕውት ዓሰሚ፡ ንመቐናቕንቲ ክለቡ ዝኾነት ባርሴሎና ዝዕልም ዘሎ ዣቪ ሀርናንደዝ ሓሳቡ ምቕያሩ ቅኑዕ ውሳነ ምኻኑ ገሊጹ።

## ዣቪ፡ ሓሳቡ ቀይሩ

ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ዣቪ ሀርናንደዝ ናይ ምውጻእ ሓሳቡ ብምቕያር ክሳብ ውዕሉ ኣብ ሰነ 2025 ዝበቅዕ ኣብ ስርሑ ክቕጽል ምኻኑ ኣፍሊጡ።

ዣቪ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሩ ምስ ምዝዛም እዛ ወቕቲ መዝኑ ከረክብ ምኻኑ ኣፍሊጡ ነይሩ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ምስ'ቲ ክጸንሕ ዝደልዮ ፕረዚደንት እዛ ጋንታ ኩዋን ላፖርታ ድሕሪ ዝነበሮ ዝርርብ፡ ሓሳቡ ብምቕያር ክሳብ ምዝዛም ውዕሉ ክዕልማ ወሲኑ ኣሎ።

ዣቪ፡ “ካብ ፕረዚደንት፡ ቦርድን ተጻወትቲን ምሉእ ርእሰ ምትእምማን ስለዝተሰምዓኒ እየ ሓሳበይ ቀይረ። እዚ ፕሮጀክት ጌና ኣይተወድአን ዘሎ። ኩልና ኣገደስቲ ነገራት ክንሰርሕን ነዚ ፕሮጀክት ክንቅጽሎን ሓይሊ ኣለና።” ኢሉ።

እዚ ናይ ቅድም ብሉጽ ኣከፋፋሊ፡ ካብ ናይ መወዳእታ ውዕሉ ንዝዘበ ክረክብ ስለ ዝደለየ እዩ ክጸንሕ ሓሳቡ ቀይሩ ንዝብል ዘረባ፡ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ምኻኑ'ውን ኣፍሊጡ።

ኣብ ሕዳር 2021 ሓላፍነት ምዕላም ዝተቐበለ ዣቪ፡ ኣብ 2022-23 ናይ ሊግ ዋንጫ ከምዝዕተራ ይዝከር። እንተኾነ፡ ኣብዛ ሽዱሽተ ግጥማት ጥራይ ተሪፉዋ ዘሎ ወቕቲ፡ ክብራ ዝዕቅብላ ኣይመስልን ኣሎ - ካብ መራሒት ዘላ ሪያል ማድሪድ ብ11 ነጥቢ ድሒራ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ብምህላዋ። ካብ ሻምፕዮንስ ሊግ'ውን፡ ብፒኤስጂ ተሳዒራ ካብ ርብዒ ፍጻመ ምግላፋ ይፍለጥ።

እዚ ከምዚ'ሉ እናሃለወ፡ ዣቪ፡ ነዛ ናይ ቀደም ዝናኣ ንምምላስ እትቃለስ ዘላ ክለቡ፡ ክሳብ ምዝዛም ወቕተ-ስፖርት 2024-25 ክሐድሳ/ከበራብራ እዩ ትጽቢት ተቐቢሩሉ ዘሎ። እንተዘይኮይኑ ግና፡ ባርሳ፡ ካብ ጋርድዮላ፡ ሉዊስ ኤርኪ ወይ ከኣ ኣርቴታ ንሓደኦም ንምእማን ክትሰርሕ ምኻና፡ ጋዜጣታት እታ ሃገር ኣቃሊሐን።

እዚ ወዲ 44 ዓመት ኣሰልጣኒ፡ ካብ 1998 ክሳብ 2015 ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ምንባሩን 25 ዓበይቲ ጸዋዓት ምዕታሩን ሰነዳት የረድኡ።




## ዜና ብሓጺሩ

* ዳይረክተር ክለብ ባየር ለቨርኩሰን፡ ጀርመናዊ ወዲ ተኸላኻሊኦም ጆናታን ታህ ምስኦም ክጸንሕ ከምዝሕበሆን ውዕሉ ክሳብ 2025 ክናውሑሉ ከምዝደልዩን ገሊጹ።

ታህ፡ ክለብ ለቨርኩሰን ዛጊት ን45 ግጥማት ከይተሳዕረት እንክትገዓዝ፡ ሓደ ካብቶም ዕርዲ ማስመር ምክልኻላ ገጥ ኣቢሉም ዝሓዙ ተኸላኸልቲ እዩ። ብዝርኣዮ ልዑል ዓቕሚ ምክልኻል ከኣ፡ በታ ኣብ ቡንደስሊጋ ዝደመቐ ተጻዋታይ ኣብ ምምዛእ ዘይትቕደም ባየር ሙኒክ ተጉዳሰት ረኺቡ ኣሎ። እዛ ብለቨርኩሰን ድሕሪ 11 ዓመታት ዋንጫ ቡንደስሊጋ ዝተመንጠለት ክለቡ፡ ክጻዕ ተጉዳሰት፡ ዝርርብ ከምዝጀመረት'ውን ገለ ምንጪታት የረድኡ።

ይኹን'ምበር፡ እዛ ክለብ ክትለቆ መደብ ከምዘይብላ፡ ዳይረክተር - ሮልፈስ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ክዘራረብ ምኻናም፡ ታህ እውን ተመሳሳሊ ሓሳብ ከምዘህልዎ ደማ ገሊጹ።

* ባርሴሎና፡ ውዕል ሰርጊ ሮበርቶ ንምንዋሕ ዳግማይ ክትዘራረብ ምኻና ተቓሊሑ። ዓሳሚ ባርሰሎና - ዣቪ፡ እዚ እስጳኛዊ ኣብ ሜዳን ኣብ መቐየሪ ክፍሊን ኣገዳሲ ተጻዋታይ ምኻኑ ድሕሪ ምግላጹ እዩ ባርሳ ንውዕሉ ከተናውሓሉ ኣቒላ ዘላ።

* ኣርሰናል፡ ኣብ ልዕሊ ትሰፋው ኮተቴ ተጻዋታይ ክለብ ፓልሚራ ኢስታቫኖ ዊሊያን ተጉዳሰት ኣርእያ ኣላ ተባሂሉ።

እዚ ወዲ 16 ዓመት ብራዚላዊ፡ ኣብዛ ክለብ ብዝርእዮ ዘሎ ሱሓቢ ምንቅስቓስ፡ ኣቐዲሙ ቆላሕታ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ - ፒኤስጂ፡ ባርሴሎና፡ ሪያል ማድሪድን ቸልሲን ረኺቡ ጸኒሑ። ቸልሲ፡ 60 ሚልዮን ዩሮ (መጀመርታ 40 ድሒሩ ከኣ 20 ዝኽፈሎ) ከምዝሰለዓትሉ እውን ይሕበር።



ብርክት ዝበሉ ብራዚላውያን ተጻወትቲ ዘለውዋ ኣርሰናል ከኣ፡ ድሒራ ነዚ ተጻዋታይ ንምፍራም ኣብ ዝቐደድ ቅልስ ተጸምቢራ ኣላ።

ክለባት ኤውሮጳ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ወሸጣዊ ውድድር ሃገሮም ንዘይምቁ ዘለዉ ብራዚላውያን ኮተቴ ተጻወትቲ፡ ርቡሕ ገንዘብ እናሰልዓ ናብ ሕቖፊን ኣብ ምእታው ተጸሚደን ይርከባ። እዞም ጌና 18 ከይመልኡ ዝመናጠላሎም ክለባት ዝጠዙሓኦም ዕድለኛታት ተጻወትቲ፡ ክሳብ እታ ዕድመ ዝመልኡዋ ኣብ ክለቦም ብምጽናሕ እዮም ናብ ኤውሮጳ ዝግዕዙ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ላ'ሊጋ

ሪያል ሶሴዳድ - ሪያል ማድሪድ 10:00 ምሸት

### ቅንጥብጣብ

* ቶተንሃም፡ ንኣጥቃዓይ ብሬንትፎርድ ኢቫን ቶኒ ንምፍራም ዛሕልታት እንተተራእዩ ከተፈርሞ ከምእትኽእል፡ ጋዜጣ ሚረር ሓቢራ።

ዩናይትድ እውን፡ ነዚ ተጻዋታይ ተጉዳሰት ኣሕዲራትሉ ምህላዋ፡ ጋዜጣ 90 ሚኒት ኣብ ዓምዳ ኣሰፊራ።

* ጋዜጣ ታይምስ፡ መጻኢ ኣሰልጣኒ ቸልሲ ማውሪሸዮ ፖቸቲኖ፡ ኣብ ሱታፌ ኤውሮጳዊ ውድድር ክምርኮስ ከምዝኽእል ኣሚታ።

ዝሓለፈ ሰለስ ብኣርሰናል ዳር ትርኢታ ዝርኣየት ቸልሲ፡ ኣብዚ 32 ግጥማት ተጻዊታትሉ ዘላ ወቕቲ፡ ብ47 ነጥቢ ታሽዓይ ደረጃ ሒዛ ትርከብ። ካብቲ ናይ ሳልሳይ ኤውሮጳዊ ውድድር - ኮንፈረንስ ሊግ (ማን ዩናይትድ ሒዛቶ ዘላ ሻዱሻይ ደረጃ) ብሽዱሽተ ነጥቢ ድሒራ ኣላ። ሓንቲ ጸወታ ግና፡ ጎደሎ ኣላታ።

# ዜና ወጻኢ

ሽዊት ተኽለ

## ዩክሬን፡ ካብ ኣመሪካ ብስቱር ባሊስቲካዊ ሚሳይላት ከምእተረከበት ተቓሊዑ

ዩክሬን ብሕቡእ ካብ ኣመሪካ ዝተዋህባ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ባሊስቲካዊ ሚሳይላት ክትጥቀም ምጅማራ ሰበስልጣን ኣመሪካ ኣረጋጊጾም።

እቲ ኣጽዋር፡ ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት ብፕረዚደንት ኣመሪካ ጆ ባይደን ዝጸደቐ 300 ሚልዮን ዶላር ዝሆነ ወተሃደራዊ ሓገዝ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ እዩ ናብ ዩክሬን ኣትዩ።

ድሮ'ውን ዩክሬን ነቲ ኣጽዋር - ብውሕዱ ሓደ ግዜ ሓይልታት ሩስያ ንምውቓዕ ከምእተጠቐመትሉ ማዕከናት ዜና ኣመሪካ ገሊጸን።

እዚ ክሳብ 300 ኪ.ሜ ርሒቑ ንዝርከብ ዒላማታት ክሃርም ዝኽእል ሚሳይላት፡ ካብ'ቲ ኣመሪካ ኣብ መወዳእታ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ዩክሬን ትልእኮ ዝነበረት ማእከላይ ርሕቀት ዘለዎ ሚሳይላት ዳርጋ ብዕጽፊ ክምዝዛይድ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣመሪካ፡ ቅድሚ ሕጂ ንዩክሬን ናይ ማእከላይ ርሕቀት ሚሳይላት ጥራይ እንተዘይኮይኑ፡ ካብኡ ንላዕሊ ዝሓለፈ ኣጽዋር ክትሰድድ ፍቓደኛ ከምዘይኮነት እኳ ክትሕብር እንተጸንሐት፡ ፕረዚደንት ባይደን ግና - ነቲ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ስርዓት-ሚሳይል ንምልኣኽ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት ብስቱር ፍቓድ ከምዝሃበ ይንገር።



እቶም ነዊሕ ርሕቀት ዝጓዓዙ ሚሳይላት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንፈለማ እዋን ኣብ ክረሚያ ንዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ሩስያ ንምውቓዕ ኣብ ኣገልግሎት ከምዝወዓሉ፡ ማዕከን ዜና ሮይተርስ ንሓደ ስሙ ክርቋሕ ዘይተደልየ በዓል-ስልጣን ኣመሪካ ብምጥቃስ ሓቢሩ።

ዛጊት ክንደይ ዝኾውን ዓይነት ናይ'ቲ ኣጽዋር ከምዝተላእከ ንጹር እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ጄክ ሱሊቫን ግን - ኣመሪካ ተወሳኺ ሚሳይላት ክትሰድድ መደብ ከምዘለዋ ኣፍሊጡ ኣሎ።

መንግስቲ ዩክሬን ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ዝተኸሰ ኣጽዋር ይውድእ ምህላዉ ብምምልካት፡ ምዕራባውያን ሃገራት ሓገዘን ከሊይላ ብተደጋጋሚ ጸዊዒት ክቕርብ ምጽንሑ ይፍለጥ።

## "ብወፍሪ ክታበት፡ ህይወት ሚልዮናት ሰባት ድሒኑ" ው.ጥ.ዓ

ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመታት ብዝተኻየደ ዓለምለኻዊ ወፍሪ ክታበት፡ ብውሕዱ ህይወት 154 ሚልዮን ሰባት ከምዝድሓነ - ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዝወጸኦ መጽናዕቲ ሓቢሩ።

ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ዝተፈላለየ ክታበት፡ ዕሸላት ምንባሮም ድማ እዩ እቲ መጽናዕቲ ዘረጋገጸ።

"ክታበት፡ ዕሸላት ክሳብ ብጽሒና ጥዑይ ህይወት ክመርሑ ንምርግጋጽ፡ እቲ እኹል ዝዓበየ ኣበርክቶ እዩ ነይሩ" ክብል ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብቲ መጽናዕቲ ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ "ክታበት፡ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ብእወታ ካብ ዝጥቀሱ ሳይንሳዊ ምህዞታት እዩ" ክብል እቲ ውድብ ኣረዲኡ።

ቀጺሉ መጽናዕቲ፡ ወፍርን ምትሕብባርን ብምሕያል ድማ፡ ኣብ ዝቕጽሉ 50 ዓመታት ተወሳኺ ህይወት ሚልዮናት ንምድሓን ኣካል ናይ ዝመጽእ መደብኡ ምዃኑ እቲ ውድብ ኣብሪሁ።

ክታበት፡ ንልዕሊ 50 ዓመታት - ኣንቀጺ፡ ኢንፍሉዌንዛ፡ ፖልዮ፡ ሩቤላ፡ ቴታነስን ዓሶን ዝርከብዎም ኣንጻር 14 ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣበርክቶ ገይሩ እዩ።

እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ፡ ሓደ ዕሸል ኣብ ግዜ ህጻንነቱ ዝወሰዶ ክታበት፡ ብማእከላይ ገምጋም 66 ዓመት ምስ ምሉእ ጥዕናኡ ንኽነብር ከምዝሕግዞ ኣረዲኡ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ክታበት ዝዘይወሰዱ 67 ሚልዮን ህጻናት ንምብጻሕ ዝግበር ጻዕሪ ክሕይል ምዃኑ፡ እቲ ውድብ ኣመልኪቱ።



## ቱርኪን ጀርመንን፡ ኣብ ምክልኻል ምትሕብባረን ክሐይላ ተሓቲቱ

ቱርኪን ጀርመንን ኣብ ምክልኻል ምትሕብባረን ዝያዳ ክሐይላ - ፕረዚደንት ቱርኪ ረሲፕ ጣይብ ኤርዶጋን ዝሓለፈ ረቡዕ ከምዝተሓተተ ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ነቲ ጸውዒት ዘቕረቡ ኣብ ቱርኪ ዑደት ምስ ዘካይድ ዘሎ ጀርመናዊ መዘናኡ ፍራንክ-ዋልተር ሽታይንማየር ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ እዩ።

"ቱርኪን ጀርመንን ኣብ ሓባራዊ ፕሮጀክትታት - ብፍላይ ድማ ኣብ ዓውዲ ምክልኻል ዝያዳ ክተኩራ ተስፋ ንገብር" ኢሉ - ፕረዚደንት ቱርኪ።

ቱርኪ፡ ኣብ 2016 - ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሶርያ ንኩርዳውያን ዕጡቓት ዒላማ ዝገበረ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምክያዳ፡ ጀርመን ኣብ ልዕሊ'ቲ ናብ ቱርኪ እታው ዝኾውን ኣጽዋር ቀያዲ ፖሊሲታት ክትትክል ምጽንሓ ይፍለጥ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ወሲኹ፡ ክልቲኣዊ ንግዲ - ካብ'ቲ ሕጂ ዘሎ 50 ቢልዮን ዶላር ናብ 60 ቢልዮን ዶላር ክብ ክብል ከምዝድሊ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ሽታይንማየር ብወገኑ፡ "ኣብ'ዚ ጽንኩር እዋን፡ ንዝምድና ቱርኪን ጀርመንን - ዳግማይ ተገዲስናትን ደፊእናትን ክንከዮ ኣሎና" ኢሉ።



ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲኦም መራሕቲ - ኣብ ዛዕባ ኩናት እስራኤልን ሓማስን እውን ከምእተዘራረቡ ተገሊጹ።

## ፕረዚደንት ዚምባብወ፡ ኣብ ካቢነ ሚኒስተራት ምቅይያራት ገይሩ

ፕረዚደንት ዚምባብወ ኤመርሰን ምናንጋግዋ፡ ኣብ ካቢነ ሚኒስተራት ምቅይያራት ከምዝገበረ ኣፍሊጡ።

ፕረዚደንት ምናንጋግዋ፡ ኣብ ነሓሰ 2023 ዳግማይ ከም መራሒ ዚምባብወ ኮይኑ ድሕሪ ምምራጹ፡ ሓድሽ ካቢነ ሚኒስተራት ከምዝመዘዘ ዝዝከር ኮይኑ፡ ድሕሪ ሸሞንተ ኣዋርሕ ድማ - ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ካቢነ ሚኒስተራት እታ ሃገር ምቅይያራት ገይሩ።



ዋና ጸሓፊ ፕረዚደንትን ካቢነ ሚኒስተራትን ማርቲን ሩሸዋያ - ነቲ ምትዕርራይ ካቢነ ሚኒስተራት ኣመልኪቱ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ዳግመ-ምምዳብን ሽመትን ብቕልጡፍ ተግባራዊ ከምዝኸውን ገሊጹ።

ፕረዚደንት ምናንጋግዋ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ልምዓት ዕደና፡ ሚኒስትሪ ምምሕዳር ከባቢን ህዝባዊ ስራሓትን፡ ሚኒስትሪ ሃገራዊ ኣባይቲ . . . ኣብ ዝርከብዎም ሚኒስትሪታት፡ ምቅይያራት ከምዝገበረ እዩ ዝገለጸ።

## ሰሜን ኣፍሪቃ - ትሕተ-ምድራዊ ማይ ንምምሕዳር ይሰራሓሉ

ኣልጀርያ፡ ቱኒዝያን ሊብያን፡ ኣብ ዞባ ሰሃራ ንዝርከብ ሓባራዊ ሃብቲ ትሕተ-ምድራዊ ማይ ንምምሕዳር ዝሕግዝ ናይ ምምኽኻር ኣገባብ ንምቛም ከምእተሰማምዓ ተሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ኣልጀርስ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ እተን ሃገራት ኣብ ሓባራዊ ሃብቲ ትሕተ-ምድራዊ ማይ ዘለወን ርድኢት ንምዕሟቕን ሓበሬታ ንምልውዋጥን ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተረኸቡ ሚኒስተራት ሕርሻን ሃብቲ ማይን ሰለስቲአን ሃገራት ኣስሚሮምሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ዞባዊ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢን ማይን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ዘለዎ ኣበርክቶ ንምርግጋጽ፡ እኹል ምወላን ምስ ትካላት መጽናዕቲ ምትሕብባርን ከምዝድሊ፡ ሰለስቲኦም ሰበስልጣን ወሲኾም ገሊጾም።



ኣብ ደቡብ ኣልጀርያ፡ ቱኒዝያን ሊብያን ዝርከብ ትሕተ-ምድራዊ ማይ፡ ኣብ ዓለምና ካብ ዝርከቡ ትሕተ-ምድራዊ ማያት እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ 70 ሚእታዊት ካብ ስፍሓቱ ኣብ ውሽጢ መሬት ኣልጀርያ ከምዝርከብ የረድኡ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ | 26/04/24 | ጎደና እምበረሚ 755#ቦ. ሚ/ሬሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565